ሓዳስ ኤርትራ

መበል 35 ዓመት ቁ.5 | ቀዳም 6 መስከረም 2025 | ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ

ገጽ 2
ዜና


ትምርሓሉ ናትካ ሕጊ ይሃሉኻ

ገጽ 5
ቅንያት ትግባረ 5S ...


ገጽ 8
ቃልሲ ደቂ ኣንስትዮ ሽቃሎ


ገጽ 11
ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ...


# ማሕበረ-ኮም ኤርትራውያን ኣብ ግብጺ፡ ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም ጸንቢሎም

ማሕበረኮም ኤርትራውያን ኣብ ግብጺ፡ ባሕቲ መስከረም - ዝኽሪ መበል 64 ዓመት ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ጸንቢሎም።

ኣብ'ቲ ኣብ ኤምባሲ ኤርትራ ኣብ ከተማ ካይሮ ዝተኻየደ ጽንብል፡ ቈንስልን ኣኪያዲ ስራሕን ኣቶ ኣማን ዓብደልዋስዕ ኣብ ዘስመዖ መደረ፡ ዝተፈላለዩ ግዜኣቲ ሃገራዊ መንነትና ንምጥፋእ'ኳ እንተፈተኑ፡ ብመኸተን ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራ ከምዝፈሸለ ኣብሪሁ።

ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ፡ ገዲም ተጋዳላይ ናይ ቃልሲ ተዘክሮታቶም ንተሳተፍቲ ኣካፊሎም።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ተሳተፍቲ ናይ'ቲ ጽንብል፡ መደባት ልምዓትን መኸተን ንምዕዋት ድልውነቶም ኣረጋጊጾም።

ብኻልእ ወገን፡ ብ30 ነሓሰ ዝተኸፍተ ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ከተማ ቶሮንቶ ከበኣን፡ ብሓደ መስከረም ብውዕዉዕ መንፈስ ተዛዚሙ።




ናይ ሎሚዘበን ፈስቲቫል ምስ ዝኽሪ ባሕቲ መስከረም ምጅማር ብረታዊ ቃልሲ ብምግጣሙ፡ ድርብ ጽንብል ምንባሩ ተገሊጹ።

እቲ ሃገራዊ ኢጋጣሚ፡ ብዝተፈላለዩ ሰሚናራት፡ ኣስተምህሮታት፡ ስፖርታዊ ንጥፈታት፡ ባህላዊ ምርኢትን ባዛርን ደሚቑ ነይሩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ካርቲ ምዕራብ ካናዳ ብውዕዉዕ መንፈስ ከምእተኻየደ፡ ካብ'ቲ ቦታ ዝበጽሓና ሓበሬታ ኣመልኪቱ።

# ሰ/ቀ/ባሕሪ - ብሕጽረት ኣዮዲን ዝስዕብ ሕማማት ንምውጋድ ተዘትዩ

ብሕጽረት ኣዮዲን ዝስዕብ ሕማማት ንምቍጽጻር ዝቖመ ሃገራዊ ሓይሊ ዕማም፡ ምስ ኣባላት ሓይሊ ዕማም ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕ ባሕሪ፡ ኣብ ትግበራ ናይቲ ኣብ ዝሓለፈ ዓመት ዝጸደቐ መምርሒ ስራሕ ዘተኮረ ዘተ፡ ብ3 መስከረም ኣብ ከተማ ባጽዕ ኣካይዱ።

ኣቦመንበር ሃገራዊ ሓይሊ ዕማም ኣቶ ብርሃ ኪዳነ ኣብ'ቲ ኢጋጣሚ ኣብ ዘስመዖ ቃል፣ ሓፈሻዊ ዕማምን ጸብጻብን ብሕጽረት ኣዮዲን ንዝስዕቡ ሕማማት ዝቈጻጸር ዞባዊ ሓይሊ ዕማም ድሕሪ ምቕራብ፣ ተራኡ ዘሎ ግብራውነት ናይቲ ስራሕ ምኳኑ ብምግንዛብ፡ ኣባላት ሓይሊ ዕማም ዞባን ኣፍረይቲ ጨውን እጃሞም ክበርክቱ ተላብዩ።

ግዚያዊ ሓላፊ ምቍጽጻር ብቕዓት ትካል ደረጃታት ኤርትራ ኣቶ ኣለም ኣርኣያ ብወገኑ፣ ትሕዝቶ ናይቲ መምርሒ ስራሕ መብርሂ ኣቕሪቡ። ኣብ ማእከል መጋዝን ጨው ዝርከብ ዝተዓቀረ ኣዮዲን ምስ ጨው ተሓዊሱ ኣብ ዝቕርበሉ እዋን ዝኸውን ጽሬትን ብቕዓትን ንምሕላው፡ ጨው ኣብ ፍሉይ ዕቑር ቦታ ክዕቀብ ከምዘለዎ ሓቢሩ። ...

ኣብ'ቲ ዘተ፡ ብሰንኪ ዕጥረት ኣዮዲን ዝስዕቡ ሕማማት፣ ከም ጎይትር ዝኣመሰሉ፡ ኣብ ኣዕሩኽቲ ሓለፍቲ፡ ኣደታትን ቆልዑን ከምዝበዝሑ እዩ ተገሊጹ።

ምኳኑ ብምምልካት፣ ኣብ መስርሕ ተራእዩ ክኸለስ ከምዝኽእል ኣረዲኡ።

ኣብቲ ዘተ ንህሉው ኩነታት ተጠቀምቲ ኣዮዲን ዝተሓወሶ ጨውን ሳዕቤናት ጉድለት ኣዮዲንን ኣብ ኤርትራን ዓለምን፡ ከምኡ'ውን ግብራዊ ምልላይ ቅልጡፍ መመርመሪ ኣዮዲን ዝድህስሱ መጽናዕታዊ ጽሑፋትን ኣተምህሮታትን ቀሪቡ።



ኣባላት ሓይሊ ዕማም ኣብ'ቲ ዝቐረበ ጽሑፋት ድሕሪ ምምይያጥ፣ ብማሕበር ዝተጠርነፉ ኣፍረይቲ ጨው ብቕዓቱ ዝሓለወ ጨው ንኸፍርዩ ደገፍ ክግበረሎም፣ ዞባዊ ሓይሊ ዕማም እኹል ባጀት ክምደበሉ፣ ንሳዕቤናት ኣዮዲን ዝምልከት መጕሳጕሲ ጽሑፋት ክዳሎ ዝብሉን ካልኦትን ርኢቶታትን ለበዋታትን ኣቕሪቦም።

ኣቦመንበር ብሕጽረታት ኣዮዲን ዝስዕብ ሕማማት ዝቈጻጸር ዞባዊ ሓይሊ ዕማም ኣቶ ረዘነ ፍስሓ ኣብ ዘስመዖ ቃል፣ ሳዕቤናት ጉድለት ኣዮዲን ብምብራህ፡ ንኣባላት ሃገራውን ዞባውን ሓይሊ ዕማም ኣመስጊኑ።

ብሕጽረት ኣዮዲን ዝስዕቡ ሕማማት ንምቍጽጻር ዝቖመ ዞባዊ ሓይሊ ዕማም፣ ኣብ መንጎ ዝምልከቶም ኣካላት ናይቲ ዞባን ሃገራዊ ሓይሊ ዕማምን ድሕሪ ዝተገብረ ዘተ፡ ኣብ ዓመተ 2022 እዩ ቈይሙ።

# ሎጎ-ዓንሰባ - ከዘንቲ ማይ፡ ኣብ ሕርሻዊ መዓላ ዘውዕላሉ ባይታ ክፍጠር ተሓቲቱ

ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ - ብልዑል ህዝባዊ ተሳትፎን ኣበርክቶ ሓይልታት ምክልኻልን ዝተሃንጸ ከዘንቲ ማይ፡ ከጽዑ ምፍታሕ ሽግር ዝስተ ማይ ሰብን ጥሪትን ዝኸይድ ኣበርክቶ ንኽህልወን ተራ ክኢላታት ሕርሻ ክዓቢ ተሓቲቱ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ብ29 ነሓሰ ኣብ መቐርካ ምስ ሰብ ሞያ ሕርሻን ኤልማዕትን ኣብ ዝገበሮ ርክብ፡ ብዞባ ደረጃ ኣብ ክረምታዊ ሕርሻ ጥራይ ዘይድረት ኣገባብ ንምምዕባል፡ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ዘሎ ተኽእሎታት ብምጽናዕ፡ መስኖኣዊ ልምዓት ዝበራትዓሉ ባይታ ንምፍጣር ተራ ክኢላታት ሕርሻ ወሳኒ ምኳኑ ብምጥቃስ፡ ኣብ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ዝተዋህለለ ማይ ኣብ ሕርሻዊ መዓላ ብምውዓል ምህርቲ ብዓይነትን መጠንን ንምስሳን ሞያዊ ኣበርክቶኦም ከዕዝዙ ጸዊዑ።

ኣመሓዳሪ ንኡስ ዞባ ሎጎ-ዓንሰባ ኣቶ ኣብርሃም ሓጎስ ብወገኑ፡ እተን ዝተሃንጻ ዲጋታትን ራህያታትን፡ ኣብ ምቕላል ሽግር ዝስተ ማይ ሰብን ጥሪትን ልዑል ኣስተዋጽኦ ይገብራ ከምዘለዋ ብምጥቃስ፡ ተራኡ ዘሎ ዕማም - ኣብ ትሕቲአን መጠነ ንኡስ መስኖኣዊ ልምዓት ዝተኣታተወሉ ባይታ ምፍጣር ስለዝኾነ፡ ክኢላታት ሕርሻ ሞያዊ ኣበርክቶ ክገብሩ ጸዊዑ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ርክብ ኣብ መንጎ ክኢላታት ሕርሻን ሓረስቶትን ክህሉ ንዘየገድስ ዝምድና ዘሐይልን ተራ ክኢላታት ሕርሻ ኣብ ምድንፋዕ ሕርሻዊ ምህርቲ ዘዕብን ብምዃኑ ክድፋኣሉ ኣዘኻኺሮም።

ዜና

# ደቡብ - ኣብ ሃገራዊ መርመራ 2ይ ደረጃ ብሉጽ ነጥቢ ዘመዝገቡ ተሸሊሞም


ሰኣሊ. ፉሊሞን ትካቦ

ኣብ ዞባ ደቡብ፡ ብምውህሃድ ኣብያተ-ጽሕፈት ሃማመተኤን ትምህርትን፡ ኣብ ሃገራዊ መርመራ 2ይ ደረጃ ማለት ማትሪክ ብሉጽ ነጥቢ ንዘመዝገቡ ኣባላት 37 ዙርያ ሃገራዊ ኣገልግሎት፡ ሽልማት ደንደን ተዋዲሉ።

ብ2 መስከረም ኣብ መንደፈራ ኣብ ዝተኻየደ ስነ-ስርዓት፡ ካብ 3 ክሳብ ምሉእ 4 ነጥቢ ዘምጽኡ 284 ተመሃሮ ክሽለሙ ከለዉ፡ ብደረጃ ዞባ ልዑል ቁጽሪ ዘሸለማ ኣብያተ ትምህርቲ ድማ ተተባቢዐን።

64 ካብኣቶም ንሽልማት ዝበቕዑ ተመሃሮ፡ ምሉእ 4 ነጥቢ ዘምጽኡ'ዮም።

ሓላፊ ሃማመተኤ ዞባ ደቡብ ኣቶ ግርማይ ጉብሩ ኣብ ዘስመዖ ቃል፡ ዕላማ ሽልማት ደንደን፡ ምሕያል ተወዳዳርነትን ምሕዳር ቅዱስ ቅንኢ ኣብ ንኣሽቱ ተመሃሮን ከምዝኾነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመታት ን1165 ተመሃሮ ከምእተዓደለ ገሊጹ።

ሓላፊ ጨንፈር ትምህርቲ መምህር ህብትዝጊ ኪዳን ብወገኑ፡ ምስጢር ብሉጽ ውጽኢት ተመሃሮይ፡ ጎኒ-ጎኒ'ቲ ውልቃዊ ጻዕሪ ግቡእ ምክትታልን ምትብባዕን ወለዲን መማህራንን ከምዝኾነ ብምጥቃስ ኣብ ትምህርቲ ዝግበር ወፍሪ ዝያዳ ውጽኢታዊ ምእንቲ ክኸውን እቲ ምውህሃድ ክሕይል ኣዘኻኺሩ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ደቡብ ኣቶ ሃብተኣብ ተስፋጽዮን ኣብ ዝሃቦ መዘዝሚ ቃል፡ ተመሃሮ ኣመዝጊቦምዎ ዝለዉ ውጽኢት ከም መሰረት ንዘቕጽል ናይ ትምህርቲ ጉዕዞኦም ብምውሳድ፡ ኣብ ከለኻት ንዝበርኸ ውጽኢት ጻዕሮም ክሕይሉ ኣዘኻኺሩ።

ሽልማት ደንደን፡ ብደረጃ ዞባ ደቡብ - ኣብ ሃገራዊ መርመራ ካልኣይ ደረጃ (ማትሪክ) ብሉጽ ነጥቢ ንዘምጽኡ ተመሃሮ ንምትብባዕ ኣብ 2022 ዝተበገሰ መደብ'ዩ።

# ማእከል - መርበብ ስርዓተ ሓበሬታ፡ ኣብ ስሉጥነት ስራሕ ልዑል ተራ ይጻወት ኣሎ

ምምሕዳር ዞባ ማእከል ዘዋደዶ መርበብ ስርዓት ሓበሬታ፡ ኣብ ትሕተኡ ንዝርከቡ ኣካላትን ንኡሳን ዞባታትን ብምትእስሳር ስሉጥነት ስራሕ ኣብ ምርግጋጽ ልዑል ተራ ይጻወት ከምዘሎ፡ ክፍሊ ሰታትስቲክስን ጂኦግራፊያዊ ስርዓት-ሓበሬታን ኣፍሊጡ።



ኣብ'ቲ ክፍሊ ሓላፊ ጨንፈር ኮምፕዩተርን ስርዓት-ሓበሬታን ኣቶ ግርማይ የውሃንስ ንኤሪና ኣብ ዝሃቦ ሓበሬታ፡ ኣብ ማእከላይ ቤት-ጽሕፈት ጥራሕ ተደሪቱ ዝነበረ ዝርጋሐ መርበብ ሓበሬታ፡ ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ን16 ንኡሳን ዞባታት፡ ከምኡ'ውን ንጨናፍርን ካልኦት ኣካላትን ኣብ ዝሽፍን ደረጃ በጺሑ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ብደረጃ ሃገር ካብ'ቶም ዝዓበዩ መርበባት ከምዝኾነ ገሊጹ።

"ሓደ ካብ'ቲ ዝኸበደ ብድሆታት፡ ኣገልግሎት ከየቋረጸ፡ ንዝሎ መርበብ ናብ ዘመናዊ ምስጋግር'ዩ" ዝበለ ኣቶ ግርማይ፡ ክፍሊ ሰታትስቲክስን ጂኦግራፊያዊ ስርዓት ሓበሬታን ጽፈትን ስሉጥነትን ዘውሑብ ኣገልግሎታት ንምርግጋጽ ኣብ ቀጻሊ ጻዕሪ ከምዝርከብ ኣብሪሁ።

ኣቶ ግርማይ ኣሰዒቡ፡ ኩነታት ሓበሬታ ውሑስ ንክኸውን ብዙሕ ደረጃታት ከምዘሎ፡ ክንዮ'ቲ ቴክኒካዊ ሽግር ግና ናይ ሓላፍነት ባህሊ ንምኹስኳስ ከምዝሰርሕ ብምግላጽ፡ ኣባላት ዕቱባት ክኾኑ ተማሕጺኑ።

ኣብ መወዳእታ ድማ፡ ምስ ቴክኖሎጂ እናተገማገመ ዘመናውነትን ስፍሓትን ናይ'ቲ ተዋዲዱ ዘሎ መርበብ ክብ ምባል፡ ካብ ናይ መጻኢ መደባት ከምዝኾነ ገሊጹ።

# ማእከል - ንመምህራን ምምራሕ መኪና ጎስጓስ ተኻዪዱ

ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል፡ ንመምህራን ምምራሕ መኪና፡ ኣብ ኣገዳስነት ዕምቈት ዘውሃብ ትምህርቲ ንምክልኻል ሓደጋታት ዝተኮረ ጎስጓስ፡ ብ1 መስከረም ኣካዪዱ።

ኣዛዚ ፖሊስ ትራፊክ ዞባ ማእከል ሜጀር ሃብተ ጉብሩ፡ ኣብ'ቶም ቀንዲ ጠንቅታት ሓደጋ ዝኾኑ ዘይጥጡሕ ጽርግያ፡ ተሽከርከርቲ፡ ኣሽከርከርቲ፡ ኣጋር ተገዓዝቲ፡ እንስሳ፡ ኩነታት ኣየርን ካልእን ኣተኩሩ ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ።

"ሓደጋ፡ ውጽኢት ጥሕሰት ሕጊ ትራፊክ'ዩ" ዝበለ ሜጀር ሃብተ፡ ብወገን መራሕቲ መካይን ዝርአ ጉድለት ብምእራም ሓደጋታት ንምክልኻል፡ መምህራን ምምራሕ መኪና ኮይኖም ዝቖጻጸሩ፡ ብቑዓትን ንቑሓትን ክኾኑ፡ ዋናታት ድማ ግቡእ ምክትታልን ምቁጽጻርን ክኻይዱ ተማሕጺኑ።

ሓላፊ መርመራ ሓደጋ ኣቶ ቢንያም ብርሃነ ብወገኑ፡ ኣብ ቀዳማይን ካልኣይን ርብዒ ዓመት 2025 ዘጋጠመ ጥሕሰት ሕግታትን ሓደጋታትን ብመንጽር'ቲ ኣብ ህይወትን ንብረትን ዘወረደ ክሳራታት ሰፊሕ መብርሂ ድሕሪ ምሃብ፡ ትካላት ትምህርቲ ምምራሕ መኪናን ከም መማህራን ኮይኖም ዝቖጻጸሩ፡ ተገዲሶም ዘለዉ ሓላፍነት ብምግንዛብ፡ ኣብ ምስራጽ ንቕሓተ ሕጊ ዕቱባት ክኾኑ ተላብዩ።

ተሳተፍቲ ብወገኖም፡ እቲ ጎስጓስ ኣገዳሲ ስለዝኾነ ቀጻልነት ክህልዎ፡ ኣብ እዋን ቀትሪ ጥራይ ዘይኮነ ኣብ እዋን ለይቲ ብዝዕባ ዝግበር ምንቅስቓሳት ተሽከርከርቲ ክስተምህሩ ፍቓድ ክወሃቦም፡ ኣፍልጦ መራሕቲ ብሽክለታ፡ ዓረብያ ፈረስን ኣጋርን ንምብራኽ ክስራሕ፣ ከምኡ'ውን ብመራኸቢ ብዙሃን ቀጻሊ ኣስተምህሮታት ክወሃብ ዝብል ርእይቶታት ኣቕሪቦም።

# "ማይ ውዑይ፡ ኣብ ምምሕያሽ ጥዕና ሕብረተሰብ ኣበርክቶ ኣሎዋ" ነጋድያን

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ - ምምሕዳር ከባቢ ጋሕቴላይ ትርከብ ባህርያዊ ውዑይ ማይ፡ ኣብ ጥዕናን ምድንፋዕ ዘቤታዊ ቱሪዝምን ኣበርክቶ ተጻይድ ከምዘላ፡ ካብ ዝተፈላለየ ከባቢታት ሃገርን ወጻእን ክሕጸቡ ዝመጽኡ ነጋድያን ገሊጾም።

ንሳቶም ንኤሪና ኣብ ዝሃብዎ ሓበሬታ፣ እቲ ፈልፋሊ ውዑይ ማይ ናይ መትንታትን ጭዋዳታትን፡ ከምኡ'ውን ምጭብባጥ ዓንዲ ሕቖን ካልእ ጥዕናዊ ጸገማትን ኣብ ምምሕያሽ ከምዝሕግዝ ብምግላጽ፣ ጽላት ዘቤታዊ ቱሪዝም፡ ኣብ ምዕባይ ጸላዊ ምዃኑ ኣረጋጊጾም።

እቶም ነጋድያን ብተወሳኺ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ህዝቢ ጥቕሚ ማይ-ውዑይ ብምፍላጥ ተሓጻቢቲ ነጋድያን ይውስኹ ከምዘለዉ ብምጥቃስ፡ ንማይወዑይ ብጽሬት ንምሓዝ፡ ኣብ ቀጻሊ ብውዱብ ወፈራታት ጽሬት ከምዝካየዱ፡ ድልውነቶም ኣረጋጊጾም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ጊንዳዕ፡ ብባህርያዊ ፈልፋሊ ማያት ዝፍለጡ፡ ማይ ውዑይ፡ ኣኽዋር፡ ፈሻሽ፡ ሰበርጉማን ኣልዓሳን ዝበሃሉ ከባቢታት ከምዘለዉ ይፍለጥ።


ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ምክትል ኣሰናዳኢ
ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቍ.ስ 116266 / 201820 (256)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ

ቍ.ስ 201820 (250)
ፋክስ. 127749 - ቍ.ሳ.ጹ. 247

ለይ-ኣውት
ፍርቱና ኤፍሬም ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ ሰሎሜ ኣፈወርቂ
ፋጥና ኣድም


ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቍ.ስ.163471-07588045
ምልክታ
ቍ.ስ 125013 - ቍ.ሳ.ጹ. 1284

# ኮርናዕ ተመሃሮ

ሱራፌል ተስፋብሩኽ

## ትምርሓሉ ናትካ ሕጊ ይሃሉኻ

“ኢልሃም!” ትዳህየኒ ባባ ሓደ እዋን። ብዘይ “ኣቤት” ሰላሕ ኢለ ናብታ ዝነበራ ከይደየ። ኣብ ሳሎን ኣብ ፊቱ ኮፍ ኢለ። ሽዑ ድሕሪ ነዊሕ እዋን ካብ ዕረፍቲ ስለ ዝመጽአ ተኸባቢድና ነይርና። ጉቢዞ ግዲ ከኣ ጸኒሐዮስ ተገሪሙ ብምጥማት ልበይ ምስ ኣጥፈኣለይ፡ ቀልጢፈ ካብ ቅድሚኡ እኽወል ነይረ። ሽዑ ግን ኣብ ሳሎን ፊት ንፊት ኮፍ ኢልና። ዝሓለፈ ሳልስቲ ምሉእ ኣድህቦኡ ኣብ ምክትታል ኩነታት ትምህርትና’ዩ ቀንዩ። ጥራውዝትና ይፍትሾ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ከይዱ ምስ መምህራንና ይራኸብ፡ ኣብ ገዛ ከኣ የረድኣና። ናይ ሎሚ ግን ብዘይ ጥራዝን ብርዕን ኢና ኮፍ ኢልና።



ካብ ጥቓኡ ሓንቲ ሌጣ ወረቐት ብምውጻእ ሃበኒ። “ኣብዚ ዓለም ዘሎ ኲሉ ነገር ብዘይ ቀይዲ ክኸይድ ኣይክእልን እዩ። ስድራቤት ናታ ኣሎዋ፣ ቤት ትምህርቲ ናታ ኣሎዋ፣ ከተማ ናታ ኣሎዋ፣ ሃገር ... ኲሉ ነናቱ ዘሰርሖ ሕጊ ይገብር። ሕጊ ምግባር ግድን’ዩ። ሓደ ተራ ሰብ ከኣ ነብሱ ዘመሓድረላ ናቱ ሕጊ ክቐውም ኣሎዎ። ኣብዛ ጻዕዳ ወረቐት ከኣ ንስኺ ባዕልኺ ደስ ኢሉኪ ትምርሕሉ ሕግታት ቀስ ኢልካ ብምሕሳብ ጽሒፍኪ ሃብኒ ኢኺ፡” ብምባል ክኸይድ ምልክት ገበረለይ።

መጀመርታ እንታይ ከም ዝጽሕፍ ጠፊኡኒ። ሽዑ ናብ ያኔት ከይደ ባባ ዝበለኒ ነገርኩዋ። ያኔት ብቐደማ ከምኡ ዝመስል ነገራት ነይሩዋ’ዩ።

“ቀሊል፣ እዚ ሕጊ ንኣኺ ብዝቐለልኪ መገዲ ጥራይ እንተ ገይርኪዮ፡ ካብቲ ክሕግዘኪ ዝግብኦ ብዙሕ፡ ጸቢቕ ኣይሕግዘክን እዩ። ብፍላይ ነቲ ካብ ናይ ትምህርቲ ወጻኢ ድልየታትኪ ዕድል ክትህቢ ኢልኪ፡ እቲ ቀንዲ ዘድልየኪ ነገር ከይትዕምጽዮ፡” ኢላ ኣማኸረትኒ። ምሸት ኣብ ዓራተይ ኰይነ ብዙሕ ሓሲበ። ብዙሕ ቀልቀል ዝበለ ሕግታት ክጽሕፍ ሓሲበ። “ሕግታት ከይሓሰብካ እንተ ኣውጺእካዮም፡ ወይ ጥቕሚ ዘይብሎም ክኾኑ ይኽእሉ፣ ወይ’ውን ፍጹም ዘኣስሩኻ ይኽእሉ። ስለዚ ምስ ክውንነትና ዝኸይድ፡ ንዕላማና ዝኣስር ዕላማ ኢና ክንገብር ዘሎና፡” ዝበለኒ ዘኪረ ከም ብሓድሽ ክሓስብ ጀሚረ።

መወዳእታኡ ሓሙሽተ ሕግታት ኣውጺአ።

1. ናይ ወርሒ መደብ መጽናዕቲ ምውጻእ፣ ቅድሚ ወርሒ ምእካሉ መደብ ምቕያር ክልኩል እዩ።

2. ኩሎም ኣባላት ስድራ ኣብ ናይ መጽናዕቲ ግዜ ዝኾነ ስራሕ ምሃብ ኲነ ምልኣኽ ኩልኩል’ዩ።

3. ናይ ትምህርቲ ዕዮ-ገዛ ቅድሚ ምሳሕ ይስራሕ።

4. ትምህርቲ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ምብኳር ኩልኩል’ዩ።

5. ኣብ ክልተ ሰሙን ካብ ትምህርቲ ወጻኢ ሓንቲ መጽሓፍ ግድን ትንበብ።

ዝብል ሕግታት ኣውጺአ ንባባ ኣብ ቀርሲ ሂበዮ። ኣንቢቡ “ጽቡቕ!” ብምባል ንማማ ኣቐበላ፣ ንሳ’ውን ተሰማምዐት። ንምሸቱ ካብ ያኔት መሓዛይ ናብ ገዛ ምስ ኣተኹ፡ ኣብ ክሽነና ብኮምፕዩተር ዝተጻሕፈ ጽሑፍ ተለጢፉ ጸንሓኒ። ንሰን እተን ዘውጻእኩወን ሕግታትን ናይ መጽናዕቲ መደበይን እየን ነይረ። ኣብ ልዕሊ ዓራተይ’ውን ከምኡ።

በዘን ሓሙሽተ ሕግታት ሰለይ ኣናበልኩ መጺአ። ዳሕራይ ካብ ወርሒ ናብ ወርሒ ዘውጽኦም ሕግታት እናጸበቑ ከዱ። ዝያዳ ኣብ ትምህርቲ ዘሎኒ ዓቕሚ ከዕቢ ሓጊዙኒ። ድሕሪ ዓመት’ሞ ሕጊ ምውጻእ ልሙድ ነገር ኰይኑ። “ሕጊ ከተውጽኢ ከለኺ ‘ኣይክእሎን’የ’ ኣይትበሊ። ቅድም ፈትኒዮ፡” ብምባል ዝመዓዱኒ ወለደይ ኣብ ተግባር እናኣውዓልኩ ቀጺለ።


ብገዛእ ሕግታተይ ብምኻደይ ዝተጠቐምኩዎ፤

- ኲሉ ግዜ ትኲርቲ ክኸውን፣
- ኣንፈተይ ብዓቕመይ ክፈልጥ፣
- ዘድልየንን ዘየድልየን ክፈሊ፣
- ካብ ጸቕጢ ናጻ ኰይነ ክምሃር።

ኲሉ ሰብ ናቱ ሓቂ ወይ ናቱ ክውንነት ኣሎዎ። ካብ እምነቱ፡ ካብ ሓቁ፡ ካብ ራኢኡ፡ ካብ ክውንነቱ፡ ተበጊሱ ዝንዓዘሉ፡ ኣንፈቱ ዘማእዝነሉ ሕግታት እንተ ገበረ ጽቡቕ ምኻኑ ካብዛ ንእሽተይ ተመኩሮይ ተማሂረ ኣለኹ።

ኢልሃም ፈረጅ - ከረን

## ስለምንታይ ንደክም?



ሓደ ስራሕ ክንሰርሕ እንከለና ጭዋዳታትና ይሰርሑ እዮም። ጭዋዳታት ክሰርሑ እንከለዉ ሳርኮል ዝተባህለ ኣሲድ ይፍጠር። እዚ ኣሲድ’ዚ ኣብ ደምና ይህሉ። ብብዝሒ ስራሕ ክንሃልኽ እንከለና፡ እዚ ኣሲድ ብብዝሒ ይፍጠር’ሞ ጭዋዳታትና ከኣ ይደክም፣ ድኻም ይስመዓና። ከነዕርፍ ወይ ክንድቅስ እንከለና ጭዋዳታትና ይዛነዩ እሞ ጻዕቂ ሳርኮል ኣሲድ ካብ ደምናን ጭዋዳታትና ይጠፍእ። ሓደስቲ ወሃዮታት ይፍጠሩ። ደም ይጸርን መላግቦታትና ይለምጽን። ሽዑ ንሕደስን ሓይሊ ይስመዓናን። ብተወሳኺ፡ ናይ ድኻም በረዝቲ ቀመማማት ኣለዉ። እዚኦም’ውን ኣብ ግዜ ስራሕ እዮም ዝፍጠሩ። እዞም በረዝቲ ቀመማት ኣብ ደም ተጻዊኖም ኣብ ኲሉ ኣካልና ይንዝሑ’ሞ፡ ሓንጎልና ከይተረፈ ይደክም።




ላዛ፡ እልልታን ናይሄርን ሰለስተ ቈልዑ ኣብ ጥቓ ሓንቲ ዲጂታል ሚዛን ነበራ። እዛ ሚዛን 10 ሳንቲም ምስ ኣስነቕካያ እያ ውጺኢት ርዝነትካ ትነግረካ። ላዛ ገንዘብ ምቝጣብ ተዘውትር ነበረት። ሰለስቲኦን ከመይ ገይረን ብሓንቲ 10 ሳንቲም ይምዘና ሓሰበት። እታ ሚዛን ሓንሳብ 10 ሳንቲም ምስ ኣስነቕካያ፡ ትምዘን፣ ናብ ባዶ ሚዛን ወይ ጥርሓ ምስ ኰነት ከኣ ተወሳኺ 10 ሳንቲም ክትጉስም ትጽበ። ላዛ ነዚኣ ብምጽናዕ ሓደ ጥበብ መሃዘት። ናይሄር ካብ ሰለስተአን ዝፎኾሰት፡ ንሳ ከኣ ዝረዘነት ምኻና ኣስተወዓለት። እቲ ጥበብ ከምዚ ዝስዕብ እዩ፤

ላዛን እልልታን 10 ሳንቲም ብምጉሳም ናብታ ሚዛን ተሰቕላ። እታ ሚዛን ከኣ 85 ኪሎግራም ኣርኣየተን።

ላዛ ካብታ ሚዛን ኣይወረደትን፣ እልልታ ወሪዳ ናይሄር ደየባ። እታ ሚዛን ከኣ 75 ኪሎግራም ጸሓፈትለን።

ናይሄር ካብ ሚዛን ኣይወረደትን፣ ላዛ ወሪዳ፡ እልልታ ተሰቕለት። እታ ሚዛን ከኣ 60 ኪሎግራም ሓበረተን።

ላዛ፡ ብሓንቲ 10 ሳንቲም ጥራይ ንናይ ሰለስተአን ሚዛን ክትፈልጥ ከኣለት። በሉ ናይ ሰለስተአን ሚዛን ክንደይ እዩ ፍለጡዎ?

(መልሲ)

ካብዛ ሕቶ፡

1- ላዛ + እልልታ= 85

2- ላዛ + ናይሄር= 75

3- እልልታ + ናይሄር= 60

ካብ ቀማሪ 1ን 2ን፡ እልልታ ካብ ናይሄር ብ10 ኪሎግራም ከም ትረዝን ፈሊጥና ኣለና።

ቀማሪ 3 ከኣ “እልልታ + ናይሄር= 60” ኢሉ ኣሎ። እልልታ ከኣ ብ10 ኪሎግራም ትረዝና ካብ ኰነት፡ እልልታ 35፡ ናይሄር ከኣ 25 ኪሎግራም ይምዛ።

ብተመሳሳሊ ኣገባብ፡ ወይ ኣብ ቀመረ 1ን 2ን ብምዕያይ፡ ላዛ 15 ኪሎግራም ካብ እልልታ ከም ትረዝን ክፍለጥ ይከኣል እዩ። ስለዚ ላዛ ከኣ 50 ኪሎግራም ትምዘን።

## መጀመሪ ኲሉ ነገር

### መጀመርታ ለመምትን መጥበውትን

ሰብ ዝበሃል ፍጥረት ናብዚ ዘለዎ ደረጃ ቀስ እናበለ’ዩ ደይቡ። ንኹሎም ዓበይትን ሓያላትን እንስሳታት ብሓንሳብ ዓብሊሉ ወይ በሊጹ ኣይመጽአን። ቀስ እናበለ እቲ ዝተዓደሎ ኣእምሮ ሕልፈ ካልኦት እንስሳታት ክጥቀመሉ ጀመረ። ሓደ ድሕሪ እቲ ሓደ እናተደመረ ከኣ ብልሑ ኣዘየደ። ሕልፈ ኲሎም ክጣበብን ክፈልጥን ከኣለ። ኣብዛ ዓለም ንዝመጽኡ ክስተታት ቀልጢፉ የንብቦምን ይርድኦምን ብምንባሩ፡ ምስቲ ዝመጽእ ለውጥታት እናተለወጠ ከይዱ። ንኣብነት ንቑሪ ግዜያት



ኣብ በዓትታት እናተዓቑበ፡ ሓዊ ኣብ ጥቕሙ ኣውዒሉዎ፣ ምስ ጠመየ ንናኣሽቱ እንስሳታት መጻወድያ እናኣዳለወ ክሕዝን ክምግብን ዝኽእሎ ዓቕምን ጥበብን ደለበ። ልዕሊ ኲሉ ከኣ ኣብ ናብራኡ ዝሕግዙዎ መሳርሒታት ክሰርሕ ምኽኣሉ ህይወቱ ለዊጡዎ’ዩ።

ንዝዓበዩ ስራሓት ብዝቐለለ ሓይሊ ዘዳቕቐሉ ዝኽእል ሜላታት መሃዘ። መሳርሒታት እናተጠቕመ ዝናበር እንኮ እንስሳ ድማ ነበረ። ኣብዚ ግዜ ፋርኬታን ካራን ዝጥቀማ ጉሪላታት ከም ዘለዋ ይንገር’ዩ። ግና ከም ሰብ ኣይዋሕለላሉን። እቲ ቅድሚ ኣሽሓት ዓመታት ዝነበረ ጥበበኛ ሰብ፡ ከጣቕዕ፡ ክረዳዳእ፡ ብጥበብ ክሓልፎ፡ ኩናት ክዳሉን ክውርውርን ምስ ጀመረ ንዓለም ገዝኣ።

(www.wikipedia. Com+ How life begins)

ጥቕሲ እዚ ሰሙን

“ሰዓትካ ኣሕሊፍካ እንተ መላእካያ፡ ከይትዕሹ፡ ዝኸሰብካዮ ግዜ የለን።”

- Victor Hugo

ንትምህርቲ፡ ምህዞ፡ ርኽበትን ሓፈሻዊ ህይወትን ዝገልጽ ጥቕሲ

### ዳእላ ተመሃሮ

Teacher: “This essay on your dog is, word for word, the same as your brother’s.”

Student: Yes, sir, it is the same dog.”



ሜሪ ማና

# ፍረ ጻዕሪ

ሕርሻን መግብን

ሚኒስትሪ ሕርሻ

# ውሁድ ምክልኻል ባልዓት

ሓረስቶት፡ ባልዓትን ሕማማትን ንምክልኻል ጸረ ባልዕ መድሃኒታት ክጥቀሙ ጸኒሖምን ይጥቀሙን ኣለዉ። ይኹን እምበር፡ ቀመማት ጸረ ባልዕ ኣብ ኣከባቢ፡ ጥዕና ወዲ ሰብን እንስሳታትን ዓቢ ሳዕቤን ኣብ ርእሲ ምኽታሎም፡ ዘላቒ ፍታሕ'ውን ከምጽኡ ኣይከኣሉን። ስለዚ ብባልዓትን ሕማማትን ዝጎድል ምህርቲ ንምንካይ፡ ውሑስ ኣከባቢ ንምውናን፡ ከምኡ'ውን ጥዕና ሰብን ጥሪትን ንምውሓስ፡ ውሁድ ኣገባብ ምክልኻል ባልዓት ምትግባር ኣገዳስን እዋናውን ኣማራጺ እዩ። ውሁድ ኣገባብ ምክልኻል ባልዓትን ሕማማትን ብቑሊ፡ ኣብ ኣከባቢ ትሑት ኣሉታዊ ጽልዋ ወይ'ውን ጉድናዊ ሳዕቤን ዘይብሉ፡ ውሕሉል ሜላ እዩ።

ሓረስቶት ሃገርና፡ ካብ ፈለማ ግራውቶም ካብ ምድላው ጀሚሮም፡ ክሳዕ እቶት ምእካብ፡ ውሁድ ኣገባብ ምክልኻል ባልዓት ንምትግባር፡ መደባት ከውጽኡን ንምስርሖ ድልዋት ክኾኑን ኣለዎም። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ንጸረ ባልዕ ዝግበር ወጻኢታት የጉድል። ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ጥዕና ሰብ፡ እንስሳን ኣከባብን ዝስዕብ ኣሉታዊ ሳዕቤናት ጸረ ባልዕ ከጉድል ይኽእል። ብተወሳኺ ሓረስቶት ጸረ ባልዕ ምስ ዝጥቀሙ፡ ድሕሪ ክንደይ መዓልታት ናብ ዕዳጋ ከውርድዎ ከም ዝግባእ ክፈልጡ፡ ንውሕስነት ጥዕና ሕብረተሰብ ኣገዳሲ እዩ። እዚ ሓበሬታ ኣብ ነፍሲ ወከፍ ንጥቀመሉ ናይ ጸረ ባልዕ መትሓዚ ተጻሒፉ ይርከብ።

ውሁድ ኣገባብ ምክልኻል ባልዓት፡ ብተወሳኺ ዘላቒ ፍታሕ'ውን ከምጽእ ዓቢ ተኽእሎ ኣለዎ። ዝተፈላለዩ ሕማማትን ባልዓትን ብቑሊ በዞም ዝስዕቡ ውሁድ ኣገባባት ንምክልኻል፡ ብንጽል ወይ ብጥርኑፍ ኣብ ጥቕሚ ብምውዓል፡ ንምግታኦም ይከኣል። ነዚ ንምግባር ስሩዕ ኮለላ (Scouting) ኣብ ግራውቲ ምክያድ ከም ቀዳማይ ስጉምቲ ክውሰድ ይግባእ።

### ኣገዳስነት ኮለላ

ኮለላ ኣብ ግራውቲ ወትሩ ክትግበር ዘለዎ ልሙድ ዕዮ ሓረስታይ እዩ። ካብ ገለ ጥቕምታት ኮለላ፥

- ህላውነት ባልዓትን ሕማማትን ንምፍላጥ ይሕግዘና፡
- ጠንቂ ሕማም ብምልላይ፡ ዝምድና ብቑሊ፡ ባልዕን መዕቀብን ክንፈልጥ ደረጃ ዕብየት ተኽሊ ንምፍላጥ፡ ምልክታት ሕማም ምስ ዝርአ ኣብ እዋኑ ንምልላይ፡
- ባልዓት ዝራብሕሉ ምቹእ ወቕቲ ወይ ክሊማ ንምልላይ፡ ክንደይ ሚእታዊት ዘራእቲ ብሕማም ከም ዝተጠቕዐ ንምፍላጥን፡
- ናይ ምክልኻል ስጉምቲ ዝውሰዶ ደረት (threshold level) ንምፍላጥ ይሕግዘና።

### ሜላታት ውሁድ ምክልኻል ባልዓት

ኣብ ዘመናዊ ሕርሻ እንጥቀመሎም ሜላታት ኣዝዮም ብዙሓት'ኳ እንተኾኑ፡ ብደረጃ ሓረስታይ ክትግበሩ ዝኽእሉ ኣገባባት ንምጥቃስ፥

**ሕጋዊ ምክልኻልን ምቁጽጻርን ብቑሊ ወይ ውሸባ፥** ሕማማት ብቑሊ ካብ ቦታ ናብ ቦታ፡ ወይ ካብ ሃገር ናብ ሃገር ብዝተፈላለየ መንገዲ ብምእታው፡ ኣብቲ ሓድሽ ዝኣተወሉ ቦታ ወይ ሃገር ኣብ ዘራእቲ ጉድኣት ከውርድ ስለዝኽእል፡ ምንጩ ዘይተረጋገጸን ወረቐት ምስክር ዘይብሉን ዘይምጥቃም።

**ዑደት ዘራእቲ፥** ሓደ ካብ ሜላታት ውሁድ ምክልኻል ባልዓት ኮይኑ፡ ህይወታዊ ዑደት ባልዓት ንምስባር ይሕግዝ። ብተደጋጋሚ ሓደ ዓይነት ዘርኢ ኣብ ሓደ ቃጽያ ምዝራእ፡ ሕማም ንምብዛሕ ዕድል ስለዝህብ፡ ዑደት ዘርኢ ምዝውታር ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ምቅይያር ዘርኢ፡ ዝተወሰኑ ዓሌት ብቑሊ ዘጥቅዑ ሕማማት (Narrow host range) ንምክልኻል ንጥቀመሉ። ብተወሳኺ እዚ ሜላ ትሕዝቶ ሓመድ ስለ ዘደንፍዕ፡ ዘራእቲ ዘድሊ ጥረ ነገር ስለ ዝረኽቡን ብቐሊሉ ብሕማም ኣይጥቀዑን እዮም።

**ግቡእ ርሕቀት ብቑሊ፥** ዘራእቲ ብጻዕቂ ኣብ ዝዝርኡሉ ግዜ፡ ልዑል ጠልን ምቑትን ስለ ዝፈጥር፡ ሕማማት ንምምዕባል ምቹእ ኩነታት ይፈጥር። ግቡእ ምርሕሓቕ ብቑሊ ምጥቃም፡ እኹል ኣየር ከም ዝመሓላለፍ ብምግባር፡ ሕማማት የጉድል።

**ኣብ እዋኑ ምጽሃይ፥** ጻህያይ ምንጪ ናይ ሕማም ስለዝኾነ፡ ኣብ እዋኑ ምጽሃይ ኣገዳሲ እዩ። ብተወሳኺ፡ ብግቡእ ዝተጻህየ ዘራእቲ፡ ዘድልዮ መግቢ ስለዝረክብ፡ ሕማማት ናይ ምጽዋር ዓቕሚ ኣሎዎ።

**ኣዕሚቕካ ምሕራስ፥** ኣዕሚቕካ ምሕራስ፡ ባልዓት ዘራእቲ ናብ ጸሓይ ብምቅላዕ ከም ዝሞቱ ይገብር። ከምኡ'ውን ከም ዝቕበሩ ናይ ምግባር ዓቢ ተኽእሎ ኣሎዎ።

**ሕማማት ዝጻወሩ ዘራእቲ ምጥቃም፥** ናይ ሕማማት ተጻዋርነት ዘለዎም ዓሌት ዘርኢ፡ ዓካር፡ እጓም፡ ኣደ-ገረብን ምጥቃም ተመራጺ እዩ። ብተወሳኺ ካብ ሕማም ናጻ ዝኾነ ዘርኢ ምዝውታር።

**ወቕቲ ዘርኢ ምሕላው፥** ዝተፈላለዩ ባልዓትን ሕማማትን ንኽምዕብሉ ምቹእ ክሊማ የድልዮም። ስለዚ ባልዓትን ሕማማትን ዝምዕብልሉ ወቕቲ ብምልላይ ናይ ምዝራእ መስርሕ ምክያድ። እቲ ብቑሊ ካብ ሕማማትን ባልዓትን ንኽምልጥ ይሕግዝ። ንኣብነት ኣብ ግዜ ኣስሓይታን ዛዕዛዕታን ዝበዝሐ ወቕቲ፡ ብቐሊሉ ክጥቅዑ ዝኽእሉ ዓይነት ዘራእቲ፡ ከም ድንሽ ይኹን ኮሚደረ፡ ምዝራእ ተመራጺ ኣይኮነን።

**ቀሪም ወይ ዝወደቐ ቆጽለ መጽሊ ምውጋድ፥** ገለ ሕማማት ዘስዕቡ ደቀቕቲ ታህዋስያን ኣብ ቀሪም ወይ ቆጽለ-መጽሊ ተዓቚቦም ጸኒሖም፡ ናብ ብቑሊ ብምስግጋር ጉድኣት ስለ ዘውርዱ፡ ቀሪም ይኹን ዝወደቐ ቆጽለ መጽሊ ብሓዊ ምቕጻል ወይ ኣብ ጉድጓድ ምቕባር። ብዘይካ'ዚ፡ መሬት ምቕዳር ወይ ምሕዳር፡ ባልዓት ወይ ሕማማት መዕቀቢ ስኢኖም ንኽሞቱን ክጠፍኡን ይሕግዝ እዩ።

**ዝንቕ ዘራእቲ ምዝውታር፥** ክዛነቕ ዝኽእል ዓይነት ብቑሊ፡ ምስቲ ክዝራእ ተሓሲቡ ዘሎ ዓይነት ብቑሊ ብጥንቃቐ መሪጽካ ምዝራእ። ንኣብነት፡ ዕፉን ምስ ኣሕምልቲ። ገለ ኣዝርእቲ ተሰከምቲ ሕማም ዝኾኑ ሓሳኹ፡ ናይ ምንጻግ ወይ ምግራድ ተኽእሎ ስለ ዘለዎም፡ መሪጽካ ምስ ካልእ ተኽሊ ምዝርኦም።

**ነቐሊ፥** ቅድሚ ዘርኢ፡ ደጋጊምካ ምሕራስ። ነቶም ሕማማት ዘስዕቡ ደቀቕቲ ታህዋስያን ናብ ዘይምቹእ ኩነታት ስለ ዘቃልዖም ብቐሊሉ ክሞቱ ይኽእሉ። ብተወሳኺ፡ ብምድኻዕ እኹል ማዕድን ዝረኸበ ተኽሊ ደልዲሉ ስለ ዝዓቢ፡ ብቐሊሉ ብሕማም ኣይጥቃዕን።

**ባህርያዊ ጸረ ባልዕ ምዝውታር፥** ዝተፈላለዩ ባልዓትን ሕማማትን ንምክልኻል ይጠቕመና። ንኣብነት ፍረ ተኽሊ ኒም ምጥቃም፡ ሓደ ኻብቶም ፍቱናት መከላኸሊታት ምዃኑ ብብዙሓት ሓረስቶት ይእመነሉ። ብዘይካ'ዚ፡ ብስነ ህይወታዊ ምቍጽጻር ተጠቒምካ ባልዓትን ሕማማትን ምቍጽጻር ይከኣል እዩ። ስነ ህይወታዊ ባልዕ ናይ ምቍጽጻር ተኽእሎ ስለ ዘለዎም፡ ክስስኑን ብጸረ ባልዕ ከይጠፍኡ ምጥንቃቕን የድሊ።


**መጻወድያታት ሓሳኹን ሓሸራታትን ምጥቃም፥** እዞም ሜላታት ዝተፈላለዩ ኰይኖም፡ ነዞም ሜላታት ብምዝውታር ብዝሒ ዘለዎም ባልዓት ከነጉድል ንኽእል። ብዘይካ እዚ፡ በዚ ሜላ እዚ እንታይ ዓይነት ባልዓት ኣብ ግራትና ከም ዘለዉ እውን ክንፈልጥ የኽእለና እዩ። ስለዚ ድማ ነቲ ንምክልኻል እቶም ባልዓት ኣብ እንወስዶ ስጉምታት ክሕግዘና ይኽእል።

**ምክልኻል ባላዓት መዓስ ይካየድ፧**
ሓረስታይ ኣብ ግራቱ እንተ ወሓደ ኣብ ሰሙን ኮለላ ወይ ተፍትሽ ንተርእዮታት ባልዓትን ሕማማትን ከካይድ ይግባእ። ብሓፈሽኡ ግን ካብ ምድላው መሬት ጀሚሩ ክሳብ ምእካብ ምህርቲ ዋላ'ውን ኣብ ቆፎ ወይ መኽዘን ምህርቲ ተፍትሽ ክካይድ ኣለዎ።

ኣብ መወዳእታ ባልዓትን ሕማማትን ዶብ ስለ ዘይብሎም፡ ካብ ግራት ናብ ግራት ብቐሊሉ ክመሓላለፉ'ውን ስለ ዝኽእሉ፣ ሓረስቶት ባልዓትን ሕማማትን ንምክልኻል ሓቢሮም ክሰርሑ ይግባእ።

ልኡላ መኮንን
ሓ/ኣሃዱ ምክልኻል ብቑሊ
ሚ/ሪ ሕርሻ

ተፈጥሮኣዊ መከላኸሊ ጸረ-ባልዕ




## ሕቶ ፍረ ጻዕሪ

### ንስጋ ዝኾና ጤለ-በጊዕ ኣብ ዕዳጋ፡ ከመይ ጌርና ንመርጽ?



መጀመርታ እቲ እንገዝኦ ጥሪት ጤል ድዩ በጊዕ ከም ምርጫና ንውስን። ዕላማና ብዓይነቱ ብሉጽ፡ ብዙሕ ስጋ ብምጡን ወይ ርትዓዊ ዋጋ ምርካብ እዩ። እዚ ኣብ ዓሌት፡ ጾታ፡ ዕድመ፡ ኣቃውማን ትሕዝቶ ኣካልን ይምርኮስ።

1. <u>**ዓሌት**</u>

ናይ ከበሳዶ ናይ መታሕት? ንኣብነት ነዊሕ ኮልኮልዶ ሓጺር ኮልኮል ዘሎዎ በጊዕ? ኣብ ምርጫና ይምርኮስ

2. <u>**ጾታ**</u>


እንገዝኦ በጊዕ/ጤል ተባዕታይ ድዩ ዘድልየና ኣንስተይቲ ንውስን

- ኣንስተይቲ እንተኾይና ዝወለደትዶ? ዘይወለደት? ንኣብነት ጮማ ወይ ስብሒ ዘድልየና እንተኾይኑ ኣንስተይቲ ኮይና ዝወለደት ግን ዕድመ ዘይደፈአት እንተኾነት ይምረጽ። ስብሒ ዘወሓዳ እንተደሊና ድማ ብዕድመ ንእሽቶ ዘይወልደት ንመርጽ። ምልአ ከምዘይብላ ድማ ከነረጋግጽ ይግባእ
- ተባዕታይ እንተኾይኑ ዝተሰንገወዶ ዘይተሰንገወ? ዝተሰንገወ እንተኾይኑ ስብሒ ክህልዎ ከምዝኾነ ምፍላጥ፡ ዘይተስንገወ ግን ብዙሕ ስብሒ የብሉን።

3. <u>**ዕድመ**</u>

ስኒ ዝሸረፈዶ ዘይሸረፈ? ክንደይ ዝሸረፈ? ከመይ ገይርና ንፈልጦ?
ብዕድመ ንእሽቶ ዘይሸረፈ እንተኾይኑ ልስሉስን ቀይሕን ስጋ ከምኡ'ውን ውሑድ ስብሒ ይህልዎ። ዕድመ ንምግማት ዕብየት ኣስናን ምርኣይ ይከኣል።

ግምት ዕድመ ጠሌ በጊዕ ብኣስናን




4. **ኣቃውማን ትሕዝቶን ኣካላት**

**(እቲ ዝመረጽናዮ ጥሪት ዓይነትን ብዝሕን ስጋኡ ንምፍታሽ/ንምግምጋም፡ ብኸመይከ ንግምግሞ)?**

- ቁመት
- ዳሕረዋይ ክፋል ሕቖ ስፍሓትን ምልኣትን
- ኮልኮል ወይ ጭራ ንውሓትን ምልኣትን
- ኣፍልቢ ወይ ሓኸለ ዕብየትን ምልኣትን

ኣብ መወዳእታ ካብ ዕዳጋ ገዚእና እንሓርዶ ጥሪት ምስቲ ካብ እንዳ-ስጋ ብኪሎ ንገዞ ብምውድዳር መጓዓዓዚ፡ መሕረድን ካልእ ወጻኢታትን ኣብ ግምት ኣእቲኻ ብዓይነትን ዋጋን ዝሓሸ ክኸውን ይግባእ። ንኣብነት ምስ ተሓርደ 10 ኪሎ ስጋ ክትረኽበሉ እትግምቶ ጥሪት ብሂወቱ ከሎ ካብ 20 ኺሎ ዘይውሕድ ክብደት ክህልዎ ይግባእ። ናውቲ ከብዲ ድማ ተወሳኺ ረብሓ እዩ።

ኣቶ ሄኖክ ገብረህይወት
ክኢላ ምርባሕ እንስሳ ሚ/ሪ ሕርሻ

## ውሑስን መኣዛውን መግቢ ንኹሉ፣ ኣብ ኩሉ!

ምስ ሚኒስትሪ ሕርሻ ብምትሕብባር ዝዳሎ ዓምዲ - ንሕቶን ርእይቶን በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሱ። ጨ/ህዝባዊ ርክባት፦ ቁ.ስልኪ 182225/ 08371501 - ቁ.ሳ.ፖ 1048 (ለይ-ኣውት ሶፍያ ፍቓዱ/ ፋጥማ እስማዒል)



ዓንዶም ግርማይ (ወዲ-ደረስ)

# ቅንያት ትግባረ 5S ኣብ ዓንበርበብ ሼር ካምፓኒ

ቅድሚ ዝኣገረ 5S እንታይ'ዩ? ረብሓታቱ ኣብ ስራሕ እንታይ ይመስል? ምፍላጥ የድሊ። 5S ካብ ቃላት ጃፓን ዝወጸ ኮይኑ፡ ሓሙሽተ ኣምራት ዝሓቑፍ ፍልስፍና እዩ። ንሳተይም ምምማይ (Sort)፡ ምስራዕ (Set in order)፡ ምጽራይ (Shine)፡ ኣገባብ ምውጻእ (Standardized) ከምኡ ድማ ቀጻልነት ምውሓስ (Sustain) እየም።

ረብሓታት 5S ብዙሕ እዩ። ገለ ካብኡ፡ ብኽኑት ብምውጋድን ማስርሕ (ኣገባብ) ብምምሕያሽን ወጽኢታውነት ንምዕባይ ዝሕግዝ ሓደ ፍልስፍና (ኣገባብ) ኣሰራርሓ ቦታ ስራሕን ዋሕዘን፡ ናይ ስራሕ ኣከባቢ (ሃዋሁው) ምቹእ ንክኸውን፡ ቦታ ስራሕካ ንኽትሰርሓሉ ፈኩስ፡ ንቑልጡፍ ዝሕግዝ፡ ውሑስነትን ድሕነትን ዘለዎ ክኸውን ዝሕግዝ ኣጉዳሲ ስርዓት'ዩ። ትካል ዓንበርበብ፡ ኣብዚ ዓመት'ዚ ብፍሉይ ኣተኩሩ ዝሰርሓሉ ዘሎ ኣምር ፍልስፍና ካይዘን ኮይኑ፡ እዚ ኣምር ንኽሰሩም ዝሕግዝ መንጠሪ ባይታ ናይ'ዚ ድማ ፍልስፍና 5S ማሰረት ዝገበረ'ዩ።

ፍልስፍና ካይዘን፡ ብልሓት ናይ ስራሕ ኮይኑ፡ ተዋፊርካሉ ኣብ ዘለኻ ስራሕ ይኹን ማሕበራዊ ህይወት፡ ዘጥቅዕ ለውጢ ወይ ምዕባለ ምምጻእ ማለት'ዩ። ከምኡ'ውን ኣብ ናይ ስራሕ ዓለምን ፈጠራን ቀጻሊ እወታዊ ለውጢ ኣብ ምምጻእ ዝተፈተነ'ዩ።

ካይዘን ቛንቋ ጃፓን'ዩ። ካይ (KAI) ለውጢ ወይ ምእራም ክኸውን እንከሎ፡ ዘን (ZEN) ድማ ጽቡቕ ማለት'ዩ። ኣጠቓሊልካ ክግለጽ እንከሎ፡ ቀጻሊ ንምምሕያሽ፡ ኣብ ስራሕ ቅልጡፍ ዕቤት ንምርኣይ፡ ብዘይ ምሕላል ቀጻሊ ኣብ ጉድና ለውጥን ምዕባለን ምጉዓዝ የጠቓልል።

**ታሪኻዊ ኣበጋግሳ ኣመዓባብላ ፍልስፍና ካይዘን**

ታሪኻዊ ኣበጋግሳ ኣመዓባብላ ፍልስፍና ካይዘን ድሕሪ ካልኣይ ኩናት ዓለም፡ ጃፓን ብቐጥታ ኣዚያ ተጐዲኣ፡ ኩለን ኢንዱስትሪታትን ፋብሪካታትን ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ወሪደን ከም ወጽኢቱ፡ ፍርያተን ኣብ ዕዳጋታት ዓለም ክወዳደር ኣብ ዘይክእለሉ፡ ጃፓናውያን ካብዚ ተበጊሶም ኑቲ ዘጋጠሞም ግድላት ንምፍታሕ፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ ኣብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዝነበራ ኢንዱስትሪታትን ፋብሪካታትን ብዓይነት ይኹን ብዓቐን ዘፍርያኦ ዝነበራ ኣቓሑ ኣብ ዓለም ተወዳዳሪ ስለ ዝነበራ፡ ካብ ተመክሮ ኢንዱስትሪታት ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ክመሃሩ መደቡ።

ኣብ 1950 ዓም ጃፓናውያን ኑቲ ኣብ ፋብሪካታት ኣመሪካ ዝነበረ ኣገባብ ኣሰራርሓ ንምትእትታው፡ ክኢላታት ካብ ሕቡራት መንግስታት ኣመሪካ ዓደሙ። ካብኦም ዝቐሰምዎ ትምህርቲን ስታቲስቲካዊ ምቁጽጻር ብሉጽነትን ካልእ ኣሰራርሓን'ውን ኣተኣታተዉ። ንናይ ብሉጽነት መቈጻጸርን ካልእን ከምቲ ዘለዎ ብዘየምታ ኣብ ፋብሪካታቶም ኣተኣታትዮም ክሰርሑሉ ጀመሩ።

ይኹን'ምበር እቲ ኣሰራርሓ ቀጥታዊ ቅዳሕ ናይ ኣመሪካ ስለ ዝነበረ ጃፓናውያን ኣብ ባይታ ክተግብርዎ ኣይከኣሉን። ንጠንቂ ፍሽለት ናይዚ ኣብ ኣመሪካ ዕዉት ምኻኑ ዘመስከረ ኣሰራርሓ ድሕሪ ምምዝጋም ድማ ንኸሉ እቲ ካብ ኣመሪካ ዘተኣታተውዎ ኣሰራርሓ፡ ምስ ባህሎም፡ ኣካይዳኦምን ልምዶምን ብዝሰነ ቀይሮም፡ "ካይዘን" ዝበሃል ፍልስፍና ፈጠሩ። ቀጺሎም እቲ ብፋብሪካታት ዝጀመረ ኣካይዳ ደረጃ ብደረጃ እናኣማዕበሉ ናብ ኩሉ ዓውድታት ስራሕን ጉዕዞ ህይወትን ኣተኣታተውዎ። ብድሕሪ'ዚ ምስኡ ብምስኡ ኣብ ሃገሮም ክሰርሑሉ ምስ ጀመሩ፡ ኢንዱስትሪታትን ፋብሪካታቶምን ኣብ ሓጺር ግዜ ካብ ድሕሪት ተበጊሰን ምስ ሃገራት ምዕራብ ኣመሪካን ተወዳዲረን ክበልጻኣን ጀመራ። እዚ ዝተመልከተ ሃገራት ምዕራብ ኣመሪካ፡ ካይዘን ካብ ጃፓን ክመሃራን ናብ ሃገራተን ከተኣታትዋኦን ኣንቂደን - ክሰርሓሉን ግን ኣይከኣላን። በዚ ድማ እተን ሃገራት፡ ኑቲ ካብ ጃፓን ዝወሰዳኦ ፍልስፍና ምስ ክውንነተን ብዝሰመድ ቅዲ ካይዘን ብምምዕባል ይጥቀማሉ ኣለዋ።

**ካይዘን ኣብ ዓሼካ**

ካይዘን ኣብ ዓንበርበብ ሸር ካምፓኒ ኣብ 2009 ዓም እዩ ተኣታትዩ። ንትርጉም፡ ዕላማ፡ ኣገዳስነትን ረብሓን ከምኡ'ውን ትግባረ ፍልስፍና ካይዘን እትገልጽ፡ መምርሒ መጽሓፍ (Manual) ብኮሚቲ ተዳልያ። እዚ ንምትግባር ዝሕግዝ፡ ፎርም መቐረቢ ንድፊ ካይዘን (ቅጺ ካይዘን)፡ ካይዘን ቦክስ ከምኡ'ውን ናይ ምትብባዕ መደብ ተዳልዩን ይሰርሓሉ ኣሎን። ብቐጻሊ ንዝቐርቡ ንጥፈታት በበግዜኡ ንምብርባር ንሓደ ሰሙን ዝኸይድ ን3 ዓመታት እዚ ዝስዕብ ዕላማታት ዘተኩረ ቅነ ካይዘን ተኻይዱ።

**ሓፈሻዊ ዕላማታት ዝተኻየደ ቅነታት ካይዘን**

- ኣምር ፍልስፍና ካይዘን ኣብ ኣባላት ከም ዝሰርጽ ምግባር (ኣፍልጦ ምዕባይ)፣
- መንፈስ ካይዘን ከም ባህሊ ከም ዝሰርሓሉ ምግባር፣
- ጸገማትን ግድላትን ብተሳታፍነት ሰራሕተኛታት ፍታሕ ምምጻእ፣
- ሰራሕተኛታት ኣብ መብጽዓ ብምእታው ቀጻሊ ከም ዝዋስኡ ምግባር።

ዓንበርበብ ካብዚ ተበጊሱ፡ ከም መቐጸልታ ናይቲ ብቐጻሊ ዝሰርሓሉ ዘሎ ፍልስፍና ካይዘን፡ ለሚ ዓመት እዚ መንጠሪ ባይታ ዝኸውን ኣተኩሩ ዝሰርሓሉ ዘሎ ብ5S ዝፍለጥ ፍልስፍና'ዩ።

ኣብ ስራሕና ለውጢ (ምምሕያሽ) ከነምጽእ ኣብ እንሓስበሉ፡ ቦታ ስራሕና ንኽንሰርሓሉ ዘይምቹእ፣ ተደጋጋሚ ጌጋታት ተጠቒሑ፣ ምስ መሳርሒትካ ክትረዳዳእ ዘይትኽእለሉ ግዜ ዝሓጽረ፡ መሳርሒታትካን ሰዓታትካን ኩሉ ግዜ ትስእኖ ምስ ዝኸውን፡ ንለውጢ ወይ ምምሕያሽ ክንሓስብ ኣሸጋሪ'ዩ። ስለዚ ካይዘን (ቀጻሊ ምምሕያሽ) ቅድሚ ምሕሳብና እዚ ሽግር ዝፈትሓልና ኣገባብ ክንጥቀም ኣድላዪ ይኸውን። እቲ እዚ ግድል ዝፈትሓልና ድማ እቲ ብ5S ዝፍለጥ ፍልስፍና እዩ።




ትግባረ 5S (ካይዘን) ኣብ ዓንበርበብ ሸር ካምፓኒ ካብ ጥሪ ክሳብ መስከረም 2025 ኣብ ኣጋ መወዳእታ ጥሪ 2025፡ ኣካያዲ ስራሕ ምስ ጉጅለ ምምዕባል ካይዘን ናይቲ ትካል ንትግባረ 5S ዝርኢ ኣኼባ ኣካይዱ። ብደረጃ ትካል ንትግባረ 5S ዝርኢ ብቐጥታ ምስ ስራሑ ብዝተሓሓዘ መልክዕ ስልጠና ንሓለፍትን ኩሎም ሰራሕተኛታትን ክዳሎን ብጉጅለ ምምዕባል ካይዘን እናተመርሐ ድማ ኣብ ተግባር ክውዕልን ንዓመት 2025 ብቐዳምነት ሰሪዑ ክሰርሓሉን ወሲኑ ሂቡ።

እዚ ዝተጠቕሰ ውሳኔታት ምርካስ ብምግባር፡ ጉጅለ ምምዕባል ካይዘን ናይ'ቲ ትካል፡ ኣብ 5S ፍሉይ ወፍሪ (Campaign) ኣዊጁ። እቲ ውሳኔ ብ18 ለካቲት 2025 ብትካል ጸዲቑ በዚ ዝስዕብ ኣገባብ ድማ ተተግቢሩ።

ካብ ዕለት 19 ለካቲት ጀሚሩ፡ "ትግባረ 5S ኣብ ቦታ ስራሕ" ዝብል ኣርእስቲ፡ ንኹሎም ሓለፍቲ ትካል ናይ ሓደ ሰዓት ዘተ ዝጠቓለለ ናይ ሰለስተ መዓልቲ ስልጠና ተዋሂቡ። 22 ለካቲት ድማ፡ ቅድሚ ትግባረ 5S ስእልታት ተወሲዱን መጠቅዒ ወረቐት ተዳልዩን። 24 ለካቲት ንኹሎም ሰራሕተኛታት ኣብ ክልተ ምድብ ክፍሊ ግዜ ስልጠና ተዋሂቡ። ካብ 25 ክሳብ 28 ለካቲት ን4 መዓልታት ንብረት ትካል ዘድልን ዘየድልን መመያ ተገይሩ። ዘድልን ዘየድልን ምልክት ተገይሩሉ ንዘምልከቶ ተረኪቡ። ኣብ ታሽዓይ መዓልቲ ወፍሪ ኣብ 5S፡ ኣብ ኩለን ክፍልታት መደብ ጽሬት ተኻይዱ። ገለ ካብኡ፡ ንብረት ክፍልታት ምውጋን፡ ምልክት (ሕንጻጽ) ዘድልዮም ቦታታትን ንብረትን ጉጅለ ምምዕባል ካይዘን ናይ'ቲ ትካል ምስ ሓለፍቲ ክፍልታት ብምድግጋፍ፡ ንደፍን ዝርዝርን ኣውጺኦም። ኣብ መወዳእታ ምልክት ዘድልዮም ቦታታትን ሕብሪ ንምልካይ ዝድልዩ ነገራትን ተዳልዮም። ከም ወጽኢት ናይ'ዚ፡ ኣብ ራብዓይ መዓልቲ ናይ'ዚ ዝተጠቕሰ ወጥን ኣብ ክፍሊ ጸገና ታሕተዋይን ላዕለዋይን ጋራጅ ኩሉ ሕብርታት ተለኽዩን ዝተዳለወ ምልክታት ከኣ ኣብ ቦታኡ ተሰቒሉን።

7 መጋቢት 2025፡ ኣብ መበል 15 መዓልቲ ቀጻልነት ምውሓስ ምኻኑ'ዩ ንጽሬት ዝርኢ ኣገባብ፡ መሳርሒታት፡ ሓለፍቲ ዝወሰዱ ምምዛዝ ኩሎም ሰራሕተኛታት ኣብ ኩኖም ንድፊ ንኽወጽኡ፡ ዋንነት ምእንቲ ክስምዖም ከኣ ወረቐት መለኣም'ንምልኣ ክህቡ ዕድል ተዋሂብዎም። ዝጠዘሉ'ኳ እንተ ዘይኣተግበርዎ እቲ ትካል ሓደ ነገር ከሰበ። ንሱ ኸኣ፡ ተሳታፍነቶም ገለ ዋንነት ክስምዖም ከም ዝገበረ ተረዲኡ።

ኣብ ዝሰዓበ 4 ሰሙናት ካብ 10 መጋቢት ክሳብ 5 ሚያዝያ 2025፡ ኣገባብ ኣብ ምውጻእ (Standardize:-Assess) ምኻኑ'ዩ፡ ገምጋሚ ኣካላት መገምገሚ ወረቐት (Checklist) ተጠቒሞም ኣብ ኩሉ ትካል ገምጋም ኣካይዶም፡ ወጽኢት ግዳ ከምቲ ዝድለ ኣይነበረን።

ካልኣይ ዙርያ ትግባረ 5S፡ 24 ሚያዝያ 2025 ኣካያዲ ስራሕ ዓንበርበብ ሸር ካምፓኒ ምስ ጉጅለ ምምዕባል ካይዘን ናይቲ ኩባንያ ኣብ ዝተገብረ ገምጋማዊ ኣኼባ፡ ትግባረ 5S ቀዳማይ ዙርያ ከምቲ ዝድለ ዕዉት ኮይኑ ስለ ዘይተረኸበ፡ ጉጅለ ምምዕባል ካይዘን ከም ብሓድሽ ፍሉይ ንትግባረ ዝሕግዝ ስትራተጂ ከተውጽእ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ዝዓሎ እማመ ከተቕርብ ተወሲኑ። እታ ጉጅለ ንኻልኣይ ግዜ ዝተመሓየሸ ኣገባብ ትግባረ ብምውጻእ በዚ ዝስዕብ ተተግቢሩ።

1. ምስራዕ (Set-In-Order)፡ ዕለት 25 ሚያዝያ 2025 ብጉጅለ ምምዕባል ካይዘን ዘሎ ኩሉ ንብረታት ጋራጅን ቤት ጽሕፈታትን ኣብ ክልተ ተኸፋፊሉ ዝርዝር ምድብ ወጺኡሉ፡ መኣከቢ ዳታ'ውን ተዳልዩ። ድሕሪኡ ኣብ ነፍሲ-ወከፍ ቤት ጽሕፈት ወይ ክፍሊ ናይቲ ትካል ዝርዝር ዘሎ ንብረት (Inventory) ተመዝጊቡ።

2. ምጽራይ (Shine)፡ ንጽሬት ዝርኢ ቅጥዕታት ወጺኡን ኣገባብ ጽሬት ኣብ መኻዚን መቐያየሪ ኣቑሑ ወዘተ ተኻይዱን።

3. ኣገባብ ምውጻእ (Standardize)፡ ኣብዚ ማስርሕ እቲ ዝጸንዐ ኣብ ቀዳማይ ዙርያ ትካል ክወውቶ ዘይከኣለ ዝርዝር ኣውጺኡ። ብኸሊ ናይቲ ዓውዲ ብዘረኸቦ ምኽራ ዘወውትዎ ሚሊታት ከለሊን ንትግባረ ዝሕግዝ ዝርዝር ክሕንጽጽን ክኢሉ።

4. ቀጻልነት ምውሓስ (Sustain)፡- ኣብ ክፍሊ ንኣባላት ቤት ጽሕፈትን ጋራጃትን ዘገልግል ንናይ ገዛእ ርእሶም ዘገልግሉ ዝርዝራዊ ኦዲት ወጺኡሎም።

እዚ ኩሉ ኣገባባትን መሳርሒታትን ድሕሪ ምውጻእ፡ ካብ 3 ክሳብ 5 ሰነ 2025 ንሓለፍትን ሰራሕተኛታትን ናይቲ ትካል ናይ መነቓቕሒ ትምህርቲ ተዋሂቡ። ነፍሲ-ወከፍ ኣባል ሰራሕተኛ ናይቲ ትካል ድማ፡ ዝርዝራዊ ሓበሬታ መዓልታዊ ንጥፈታቱ መለኣ ንሓላፊኡ ክረክብ፡ ብመንገዲ ሓላፊኡ ተዓዲሉን ኣብ 9 ሰነ 2025 ኣብ ትግባረ ክውዕል ተሓቢሩን።

ዓንበርበብ ሸር ካምፓኒ፡ ከም መቐጸልታ ናይቲ ብቐጻሊ ዘካይዶ ዘሎ ንጥፈታት፡ ንቐልጣፋትን ተሳታፍነትን ሰራሕተኛታት ንምዕባይ፡ ካብ ሰራሕተኛታት ዝበለጸ ትግባረ 5Sን ውድድራትን ዘጠቓለለ ካብ 5 ክሳብ 9 ኑሓሰ 2025፡ 'ቅነ 5S' ኣዊጁ። ኣብቲ ቅነ ንኹሎም ሰራሕተኛታት ኣብ 14 ጉጅለታት ብምምቕቓል፡ በብመዓልቱ ትግባረ 5S ኣብ ግብሪ ከም ዘውዕልዎን ብምግባር፡ 9 ኑሓሰ 2025 ኑቲ ቅንያት ዘዝጸርቅ ከምኡ ድማ ንዕዉታት ጉጅለታት ወርሒ ሓምለ 2025፡ ብሉጽ ትግባረ ንጥፈታት ቅነ 5Sን ዘጠቓለለ ኣፍልጦ ናይ ብሉጽ ስራሕ ብምሃብ መዛዘሚ ስነ-ስርዓት ኣካይዱ።

ናብ ማስርሕ ካይዘን ንምስግጋር፡ ቅድሚ ዝኣገረ ናብኡ ዘሰጋግሩ መሳልል ክሰርሑ ኣለዎም። ፍልስፍና 5S ከኣ ናብ ካይዘን ዘሰጋግር መንገዲ'ዩ። ስለዚ ናብ ካይዘን ንምእታው ድሕሪ 5S ናብ ዘለዉ ዕማማት ቅድሚ ምስጋር፡ ትግባረ 5S ግድነት ክረጋገጽ ኣለዎ። እዚ ንምትግባር፡ ኩባንያ ዓንበርበብ ሸር ካምፓኒ ኣብዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ትካሉ መዓልታዊ ዝርዝር መቈጻጸሪ ዕላማን ዕማማትን ትግባረ 5S ንድፊ ብምውጻእ፡ ኣተኩሩ ይሰርሕ ኣሎ። ትግባረ ነፍሲ ወከፍ S ንምርግጋጽ፡

1. **መሚ**- እዚ ረቛሒ ዝፃምጥም ነጥባታት
   - ንስራሕ ዘየድልዩ ነገራት ካብ ቦታ ስራሕ ኣልግስ፡
   - ኣብ ቦታ ስራሕ ክህልዉ ዘይግብኦም ነገራት እለ፡
   - ካብ ቦታ ስራሕ ክእለዩ ወይ ክጕሓፉ ዘለዎም ናውቲ ኣብ ፍሉጥ መጽንሒ ቦታ ፍለዮም፡
   - ማስርሒ ቦታ ካብ ዝኸኣለ ዛሕዚሑ ዝበሉ ነገራት ናጻ ግበር፡
2. **ብኣገባብ ስራዕ**-
   - ንጥቀመሎም መሳርሒታት ብቐሊሉን ኣብ ዝሓጸረ ግዜን ከም ዝርከቡ ገይርካ ምስራዕ፡
   - ትጥቀመሉ ዘለኻ መሳርሒ (ናውቲ) ኩሉ ኣብ ፍሉጥ ቦታኡ ምዕቃብ፡
   - ቦታ መቐመጢ መሳርሒታትካ ንጹር መለለዪ ምልክት ግበረሉ፡
   - መተሓላለፊ መንገዲ ካብ ዝኾነ ዝዓግቱ ነገራት ናጻ ግበር፡
3. **ኣንጽርዮ**- (ኣከዳድናኻ ኣጸብቕ፡ ንብረትካ፡ መሳርሒኻን ከበቢኻን ብጽሬትን ጽርየትን ሓዝ)
   - ቦታ ስራሕን መሳርሒታትን ብጽሬት ምሓዝን ኣብራት ከይሀሉ ምምርማርን፡
   - ናይ ምጽራይ ሓላፍነት ዝሰከም ውልቀሰብ (ኣሃዱ) ምዝዛዝ፡
   - ትሰርሓሉ ቦታን ትጥቀመሉ መሳርሒታትን መዓልታዊ ኣጽሪ፡
   - ኣብ ኮንተይነር (ጥርሙስ) ዝርከብ ርስሓት (ዘይቲ፡ ማይ) ብምእላይ ብጽሬት ሓዞ፡
4. **ደረጃ ኣትሕዝ**-
   - ንጹርን ቀጻልነት ዘለዎን ኣገባብ ኣተግባብራ ንጥፈታት 3s ንምፍጣር፡ ንዕማማት ጽሬት ምዉግጋን ዝሕግዝ መደብ ሓንጽጽ።
   - ቸክሊስት (checklist) ተጠቂምካ መዓልታዊ ከነታት 5S ተኸታተል።
   - ንቐጻሊ ዕቤት ምስ ኣሃዱኻ ወይ ጋንታኻ ዘተን ምይይጥን ኣካይድ።
5. **ምርግጋጽ ዘላቒ ውሕስነት**-
   - 5S ዘላቒን ብቐጻሊ ካብ'ቲ ዘለዎ ንላዕሊ ዝተመሓየሸን ንምግባር፡ ሰራሕተኛታት ዋንነት ንጥፈታት 5S ክህልዎም ቀጻሊ ምትብባዕ ግበር።
   - 5S ብጥበብ ይካየድ ከም ዘሎ መዓልታዊ ኦዲት (audit) ግበር።
   - ዝተረኽበ ወጽኢት ምስ ጋንታኻ ኳንካ ብምምማይ፡ ኣረምቲ ስጉምቲ ወሰድ።



ASMARA MINING SHARE COMPANY

Abo Street, No. 178, House No. 16
Gejeret, P.O. Box 10688

Tel. ++291-1-153986
Asmara, Eritrea

# VACANCY ANNOUNCEMENT

**Asmara Mining Share Company is inviting applicants for the following position;**
**Process Plant Forklift**
**Number required – (6)**
**Type of contract – Indefinite**

**Major Duties and responsibilities**

- Operate specific machines (following safety procedures) to ensure daily objectives are achieved, check that machines are all in working order.
- Planning
- Implementation
- Reporting

**TASK DESCRIPTION EXPANDED TO CORE PERFORMANCE AREA**

**1.Planning**

- Attend "Toolbox Meetings" every morning and then plan the day's activities depending on priorities.

**2.Implementation of the Plan**

- Operate the Forklift efficiently, completing specific tasks, as requested by supervisor.
- Follow all mine environment, safety and health procedures.
- Follow equipment operating procedures to ensure correct use thereof. (Pre-start checks; safe driving).
- Report any problems with the equipment to supervisor and maintenance.
- Practice good housekeeping of the machines, both inside the cab and outside.
- Be willing to operate other machines if authorised and certified to, as and when requested.
- Follow Mine road safety rules

**3.Reporting**

- Report progress of jobs to supervisor.

**Profile: Qualifications and Experience**

**Qualifications:**

- 10-12th Grade academic level
- Drivers licence /Certificate for forklift operation

**Knowledge and Experience:**

- 3-5 years' relevant experience (mine, civil or roadworks)

| Technical Skills | Behavioural Skills |
|---|---|
| | Communication (local language) |
| Driving skills | Team player |
| Attention to detail | Timekeeping |
| Fit and healthy | |
| | Prioritizing skills & multi-skilling |
| Problem solving skill | Ability to work towards strict deadlines |
| | High level of accuracy |
| | Understand and follow instructions |
| | Self-motivation |

**General Information and other requirements:**

- **Place of Work:** AMSC Site
- **Type of contract:** Indefinite Period
- **Salary:** As per the Company salary scale

**Additional requirements for Nationals:**

- Having fulfilled his/her National Service obligation and provide evidence of release paper from the Ministry of Defense.
- Present clearance paper from current/last employer.
- Testimonial documents to be attached (CV, work experience credentials, a copy of your National Identity Card, etc.).
- Only shortlisted applicants would be considered as potential candidates for an interview.
- Application documents will not be returned to the sender.
- All applications should be sent through the post office.
- Deadline for application: 7 days from the day of publication in the Newspaper.

- **Address: Please mail your applications to;**
  **Asmara Mining Share Company,**
  **P. O. Box 10688 Asmara, Eritrea**
- **Applicants shall be required to send a copy to:**
  **Mineral Resources Management**
  **P.O. Box – 272**
  **Asmara**
- **Note to Eritrean applicants:**
  **Please send a copy of your application to**
  **Aliens Employment Permit Affairs,**
  **P. O. Box 7940 Asmara, Eritrea**

ብስም ርግኣት ገብረመድህን ወ/ገብርኤል፡ ኣብ ዓዲ/ከበቢ. ዓዲ-ቀ ብመወከሲ. ቁጽሪ 000201 ቁጽሪ ምስክር ወረቐት 008089 ፕሎት 54 ፓርሰል F ንመንበሪ መዓላ ዝተዓደለክዎ ምስክር ወረቐት ስለ ዝጠፍኣኒ፡ ዝረኸበ ወይ ብዕዳ ዝሓዞ ዝበል እንተሎ፡ ብቁጽሪ ስልኪ. 07224013 ክሕብረኒ፣ እንተዘይሒይሉ ግን መተካእታኡ ንዘምልከቶ ኣካል ክሓትት ምዃነይ እሕብር።

ርግኣት ገብረመድህን ወልደገብርኤል

ብስም ሰላም ካሕሳይ ሓጎስ ዝተመዝገበ፡ ብቁ.ፍ.ዋሪን ASL00036479 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና 119-5 ቁ.ገዛ 12 ዝርከብ ናይ መስርሕን መሸጢን ወርቂ ትካሊ ንኣቶ ናትናኤል የሴፍ ገብረልኡል፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ኣባሻውል ጎደና 119-5 ቁ.ገዛ 12 ካብ ዕለት 01/01/2026 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፣ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰላሳ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ከምዝፍጸመሉ ኣፍልጥ።

ሰላም ካሕሳይ ሓጎስ
ወኪል ሮዳስ ጺጋይ ገብረልኡል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምልኽ - ሳምራዊት መለስ

ኣቶ የናስ ዑቕባይ ሃብተሚካኤል፡ ዝተፈቕደሉም ናይ መስተኻኸሊ ጸጉሪ ርእሲ ንግዳዊ ትካሎም፡ “ተመስገን መስተኻኸሊ ጸጉሪ ርእሲ” (TEMESGEN BARBER) ተባሂሉ ክጽዋዕ ስለ ዝደለዩ፣ እዚ ናይ ንግዲ ስም ቅድሚ ምምዝጋቡ ዝቃወም ኣካል እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ መኣገዲ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እዚ ናይ ንግዲ ስም ክምዝገበሎም ክፍልጥ።

ክፍሊ ውሽጣዊ ንግዲ

ሓሰን መሰዑድ ሽኩራይ፡ ወኪል ኣቶ ሓጎስ ወልደስላሰ፡ ኣብ ከተማ ኣስመራ ን/ዞባ ገዘ ባንዳ ኣብ ጎደና 193-5 ብቑጽሪ መለለዪ ንብረት 1:005043/2 ብስመይ ዝተመዝገበ ኣብ 250 ት/ሜ ዝስፍሓቱ ዝተደኮነ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ኣለኒ፡ እንተኾነ ግን ናይ ዋንነት ሰነድ/ሊብሬቶ ስለዝጠፍኣኒ ረኺብዎ ወይ ብዕዳ ሒዝዎ እየ ዝብል እንተሃልዩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ብቑጽሪ ተሌፎን 07117974 ክሕብረኒ እላቱ፡ እንተዘይኮይኑ ግን ናይ ዝጠፍኣኒ ሰነድ መተካእታ ከውጽእ ምኽንያት እሕብር።

ኣቶ መሰዑድ ሽኩራይ<br>
ወኪል ሓጎስ ወልደስላሴ

## ጨረታ

ትካል ኢንስቲትዩት መጸናዕትን ስልጠናን ቋንቋታት ኤርትራ እምባትካላ ንዓመት 2026 ዘድልዮም ምልክታ ጨረታ ከውጽእ ስለ ዝደለየ፣ ዝ. ኣብ ታሕቲ ተጻሒፉ ዘሎ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ብምልክታ ጨረታ ክወጽኣልና ንላቱ።

ቀረብ መግቢ፦ (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ ከብትን ጤለ በጊዕን፡ በርበረ ጥሑን ዝተቓመመን ጨውን)

ዓደጊ፦ ትካል ኢንስቲትዩት መጸናዕትን ስልጠናን ቋንቋታት ኤርትራ እምባትካላ

ኣርእስቲ ውዕሊ፦ (ዓመታዊ ቀረብ መግቢ )

ኣገባብ ዕድጊ፦ ክፉት ጨረታ (ሃገራዊ )

ንትካል ኢንስቲትዩት መጸናዕትን ስልጠናን ቋንቋታት ኤርትራ እምባትካላ ንዓመት 2026 ካብ ወርሒ 01 ክሳብ ወርሒ 12/2026 ዝውዕል ቀረብ መግቢ ከምጽእ ስለ ዝደለየ፣ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ንዕድም።

1. ትካል ኢንስቲትዩት መጸናዕትን ስልጠናን ቋንቋታት ኤርትራ እምባትካላ ንሕጋውያን ኣቕረብቲ ዋጋታት ቀረብ መግቢ (ኣሕምልትን ፍረታትን፡ ስጋ ከብትን ጤሌ በጊዕን፡ በርበረ ጥሑን ዝተቓመመን ጨውን) ብዕሹግ ከቕርቡ ይዕድም።
2. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
3.ተሳተፍቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዓመት 2024 ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒን ናይ ዓመት 2024 ክሊራንስ መንዩት የቕርቡ።
4. ተሳተፍቲ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ምስ ዝደልዩ ካብ ትካል ኢንስቲትዩት መጸናዕትን ስልጠናን ቋንቋታት ኤርትራ እምባትካላ ብቑጽሪ ቴሌፎን 202360 ናይ ጨረታ ሰነድን ሓበሬታን ኣብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ክረኽቡ ይኽእሉ።
5. ብቑዓት ተሳተፍቲ፡ ሰነድ ጨረታ ንምውሳድ ዘይምለስ ጥረ ገንዘብ 50.00 ናቕፋ ብምኽፋል ክወስዱ ይኽእሉ።
6. ጨረታ፡ ኣብ ጋዜጣ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ክሳብ ዕለት 06/10/2025 ሰዓት 9:45 ቅ/ቀ ወይ ቅድሚኡ ክሽሕ ኣለዎ። ደንጉዩ ዝቐረበ ጨረታ ይንጸግ። ጨረታ፣ ተሳተፍቲ፡ ሕጋውያን ወኪልትን ክሳተፉ ዝደልን ስ ሰርዓት ወይ ኣከፋፍታ ጨረታ ክዕዘቡ ዝመጽኡን ኣብ ዝተረኽበሉ ኣብ ማእከል ቤ/ጽሕፈት ንግዳዊ ኮርፖረሽን ቀይሕ ባሕሪ (09) ዕለት 06/10/2025 ሰዓት 10:00 ቅ/ቀ ብግልጺ ይኽፈት።
7. ጨረታ፡ ብመኽበሪ ጨረታ (CPO) 100,000.00 ናቕፋ (ሚእቲ ሽሕ ናቕፋ) (ንኣሕምልትን ስጋን) ንበርበረን ጨውን 20,000.00 ናቕፋ (ዕስራ ሽሕ ናቕፋ) ትሕጃ (CPO) ክስነ ኣለዎ።
8. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምምሕዳር ንብረት መንግስትን ብዝእዞ መሰረት ይካየድ።
9. ትካል ኢንስቲትዩት መጸናዕትን ስልጠናን ቋንቋታት ኤርትራ እምባትካላ ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ብምሉእ ወይ ብኸፊል ጨረታ ናይ ምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ኢ/መጽ/ስል/ቋ/ኤ

## ጨረታ

ሚኒ/ምኽልኻል ኣብ ዝተፈላለዩ ዞባታት ንዝርከቡ ወተሃደራዊ ሆስፒታላትን ኣሕደርቲ ኣብያተ ትምህርትን ንዓመት 2026 (ካብ ወርሒ 01/2026 ክሳብ ወርሒ 12/2026) ዘድሊ ዝተፈላለዩ ዓይነት መግቢ ኣሕምልቲ፡ ስጋ፡ በርበረን እንቋቑሖን ክዕድግ ስለ ዝደለየ፣ ሕጋውያን ተሳተፍቲ ይዕድም።

1. ጨረታ ንኹሎም ሕጋውያን ኣቕረብቲ ክፉት እዩ።
2. ተሳተፍቲ፡ ቅዳሕ ናይ ዝተሓደሰ ፍቓድ ዋኒንን ናይ 2024 ግብሪ መኽፈልቲ ከም ዝኸፈሉን (ክሊራንስ) የቕርቡ።
3. ተሳተፍቲ፡ ዝርዝር ሓበሬታ ናይ ጨረታ ሰነድ ዘይምለስ 50.00 ናቕፋ ከፊሎም ካብ ቤ/ጽ PX ኮምፓግኖ ጎደና ድብድብ ዚፕ 178 ቁ.ገዛ ክወስዱ ይኽእሉ። ቁ.ተሌፎን 187616/209033
4. ምሉእ ሰነድ ጨረታ ብዕሹግ ደብዳበ ብምቕራብ ዕለት 01/10/2025 ሰዓት 09:00 ቅ.ቀ ወይ ቅድሚኡ ይበጽሕ። ዕለት 01/10/2025 ሰዓት 09:00 ቅ.ቀ ተሳተፍቲ ወይ ወኪልቶም ኣብ ዘለውዎ ኣብ ቤ/ጽ PX ኮምፓግኖ ጎደና ድብድብ ዚፕ 178 ቁ.ገዛ 07 ብግልጺ ይኽፈት።
5. መኽበሪ ጨረታ CPO 50,000.00 ናቕፋ ይቐርብ።
6. ጨረታ፡ መምርሒ ዕድግን ምም/ንብረት መንግስትን ብዝእዝዞ መሰረት ይካየድ።
7. ሚኒ/ምኽልኻል ዝሓሸ ኣማራጺ እንተረኺቡ ንምሉእ ወይ ከፊል ጨረታ ንምስራዝ መሰሉ ዝተሓለወ እዩ።

ሚኒ/ምኽልኻል<br>
ጨ/ዕድግን ምቁ/ንብረትን<br>
ቴሌ 209033/187616



## ምስጋና

ብመስዋእቲ ክቡር ብዓልቤተይ ጉዳም ተ/ጋ ሌተናል ኮሎኔል ታፈረ ተኽለወልዲ ጉብረታትየስ (ሻውሽ) ዝተሰማዓና መሪር ሓዘን እናገለጽና፣ ኣብ ሕማሙን ኣብ ገዛን ሆስፒታል ኢናኣልና ተመላሊስኩም ዝበጻሕኩምን ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ዝቐበርኩምናን ካብ ውሽጥን ወጻእን ብቴሌፎን ዘጸናናዕኩምናን ቤተሰብን ኣዕሩኽን ፈተውትን የቐንየልና ሕሰም ኣይትርከቡ እናበልና ነመስግን።

ብዓልቲ ቤቱ ወ/ሮ ትርሓስ በየነ ሕድሩ<br>
ምስ ደቁን ምሉኣት ስድራቤትን

ኣብ ኣስመራ ን/ዞባ ኣኽርያ ፕሎት 30 ጎደና 661 ቁ.ገዛ 30 ዝርከብ፡ ኣብ ቤ/ጽ/ካዳስተር ብቑ.መዝ/58992/97172 ብስም ከድጃ ኢብራሂም ዝተመዝገበ ገዛ ብውህብቶ ስለዝተወሃበኒ'ሞ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ኣብ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ ሒዙ ናብ ቤ/ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ይቕረብ፡ ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ኦሪጂናል ሰነዳተይ ኣቕሪበ ጉዳየይ ክፈጽም ምኽንያት እሕብር።

ሑሴን ዑስማን

ብስም የሴፍ ወልዱ ብርሃ ዝተመዝገበ፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00035935 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4+ ኣስመራ ጎደና 132-12 ቁ.ገዛ 58 ዝርከብ ናይ ቤት መስተ ትካለይ፡ ንኣቶ ጳውሎስ ተኽለጊዮርጊስ ጉብረጊዮርጊስ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ 4+ ኣስመራ ጎደና 132-12 ቁ.ገዛ 58 ካብ ዕለት 01/08/2025 ክሳብ ዕለት 31/07/2035 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰለሰ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝሃለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ።

እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ክፍጸመሉ ክፈልጥ።

የሴፍ ወልዱ ብርሃ<br>
ሕጋዊ ወኪል ኣስቴር ታደሰ ሓጎስ

ብስም ኣልማዝ ብርሃን ተስፋሚካኤል፡ ብቑ.ፍ.ዋኒን ASL00026331 ዝኾነ፡ ኣብ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ማ/ከተማ ጎደና ደንከል ቁ.ገዛ ዝርከብ ናይ መሸጢ ዕንባባ ትካለይ፡ ንወ/ሮ ሰምሃር በሃቶት ኢትየጵያ፡ ኣድራሻ ዞባ ማእከል ን/ዞባ ጉዳይፍ ጎደና 716-16 ቁ.ገዛ 43 ካብ ዕለት 03/03/2025 ክሳብ ዕለት 02/03/0226 ኣካርየዮ ስለ ዘለኹ፣ ዝቃወም ምስ ዝህሉ፡ እዚ ምልክታ እዚ ካብ ዝወጸሉ ዕለት ኣብ ውሽጢ ሰለሰ መዓልቲ፡ ስልጣን ዝሃለዎ ቤት ፍርዲ ተቓውሞኡ የቕርብ፡ እንተዘይኮይኑ፡ ዝቃወም ኣካል ከምዘየለ ተቖጺሩ እቲ ናይ ክራይ ውዕል ሕጋዊ ምዝገባ ክፍጸመሉ ክፈልጥ።

ኣልማዝ ብርሃ ተስፋሚካኤል<br>
ወኪል ሳሚኤል ተወልደ

ኣነ ሄኖክ ኢያሱ ተኽለሃይማኖት፡ ወለደይ፡ ኣቶ ኢያሱ ተኽለሃይማኖት ዘሞ፡ ኣብ ቤት ፍርዲ ዞባ ማእከል ብኣካል ቀረቡ 23/11/2009 ብቑጽሪ 287/2009 2 ወ/ሮ እዝየዝርያ ተኽለሃያማኖት ወልደጋብር ኣብ ቤት ፍርዲ ፍርዲ ዞባ ማእከል ብኣካል ቀሪባ 23/11/2009 ብቑጽሪ 286/2009 ኑቲ ኣብ ከተማ ኣስመራ ዞባ 4 ምም 12 ቁጽሪ ሎታ 67 ቁጽሪ ፓርቸላ “V” ዝተሃንጸ ተራ ገዛ ብዘሓ ቀንዲ ክልታት 2 ኣብ ኮምሽን ኣባይቲ ብቑጽሪ ምስክር ወረቐት 107149 መወከሲ ቁጽሪ 109659 ዋንኑቲ ዝተረጋገጸ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ ብህያብ ስለ ዝሃቡኒ'ሞ ናብ ስመይ ክመሓላለፍ ስለ ዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ እዚ ምልክታ ካብ ዝተቓልሓሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት፡ ሕጊ ብዝእዝዞ መሰረት ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መኣገዲ ትእዛዝ ወይ ናይ መውዓእታ ውሳኔ (ይግባይ ተባሂሉሉ እንተኾይኑ) ሒዙ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪን ሃገራዊ ካዳስተርን ክቕርብ እሕብር። ተቓውሞ እንተዘይቀረበ ግን ስም ዋንነት ናብ ስመይ ክመሓላለፈለይ ናብ ዝምልከቶ ኣካል ክሓትት ምኽንያት እሕብር።

ሄኖክ ኢያሱ

# ዝኽሪ መስከረም
## ካብ ካይሮ ክሳብ ኣዱብሓ

ነጸረኣብ ኣዛዚ - ከረን

(7ይ ክፋል)

*(እዚ ጽሑፍ'ዚ ኣብ ናይ መጀመርታ ክፋላቱ ዘሎ ትሕዝቶ፡ ንመጽሓፍ ታሪኽ ህይወት "ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፣ ሃይለስላሰ ወልዱ፣ ኣሕተምቲ ሕድሪ 2018" ማእረት ዝገበረ ምዃኑ ንሕብር።)*

### መስዋእቲ ሓምድ ኣድሪስ ዓዋተ

ድሕሪቲ ብ20 ግንቦት 1962 ዝተኻየደ ውግእ ኣሚል፡ ሰሙን ጸኒሑ፡ ሰንበት መዓልቲ፡ መሪት ማስዩ ዓዲ፡ ምስ ሓዘ ሓምድ ምስ ሻድሻይ ርእሱ ኣብ ተሽኩል ደቂሶም ነበሩ። ሓምድ ኣብ ጥቓ ክቡብ ነበረ። ለይቲ ከውታ ምድሪ ሓምድ ተበራቢሩ ንክቡብ "ብረተይ ኣብ ጥቓኻ ግበሮ" ኢሉ ምስ ዕጥቁ ደፍኦ ኣብለሉ። ክቡብ ሓዳጅ ንሓምድ "ስለምንታይ?" ኢሉ ሓተቶ። ሓምድ፡ "ተጸሊኡኒ ኣሎ!" ካብ ምባል ሓሊፉ ካልእ ኣይተዛረበን። ዝሓሉ ተገልበበ በጥ በለ። ብድሕሪኡ ቃል ኣየውጽአን። ክቡብ እውን ደጊሙ ኣይሓተቶን። ደቂሶም ሓደሩ።

ኩሉ ግዜ ወጋሕታ ንሓምድ ቀዲሙዎ ዝበራበር ሰብ ኣይነበረን። ሰኡይ ንግሆ ግን ኩሎም ቀዲሞሞ ተንስኡ። ሰጊዶም እውን ወድኡ። ናይ ሰጋ ኮይናቶ "ደሓንዶ ኣይተዛንየ" ኢሉ ቀዲሙ ንሓምድ ከተንስኦ ዝኸደ ዓዋተ መሓመድ ፋይድ ነበረ። 'ሓምድ! ሓምድ!' ኢሉ ብስሙ እናጸውዐ ነቕነቖ።

ክቡብ "ያሸኽ ከዕርፍ ዘይትሓድጎ! ተጸሊኡዎ ኣሎ ይደቅስ ግደፎ" ኢሉ ካብኡ ከም ዝርሕቕ ገበሮ። እዚ ዘስተብሃለ ኣሕመድ ጋደፍ ብጉይኡ ናብ ሓምድ ከይዱ ነቕነቖ። ሽዑ'ውን ሓምድ ኣብ ጥዑም ድቃስ ከምዝነበረ ኣስተርሕዩ ምዕዶ ኣየበለን። እቲ ምስኡ ዝሓደረ ክቡብ ባርደኡ ርግእ ዝበለ እዩ። ህድእ ኢሉ ድማ "ሓምድ ተንስእ'ባ ጸሓይ'ኮ በሪቓ'ያ" በሎ። ድቃስ ዝኸልኦ ዘሎ እናማሰሎ ብሽክፍታ። መልሲ ግን ኣይነበረን። ክቡብ ተጠራጠረ። ተቐላጢፉ ንመትንታት ኣዱን ልቡን ዳህሰሶ። ሰውነቱ ውዑይ'ዩ ዝነበረ። ትርግታ ልቡ ግን ኣቋሪጹ፡ ዳርጋ ሽዓ'ያ ትንፋሱ ሓሊፋ። ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ተሰዊኡ፣ ሰኑይ 28 ግንቦት 1962።

ሓምድ ምስ ተሰውአ፡ ካብቶም ምስኡ ዝነበሩ ሓመሽተ፡ ኣደም ክሻ (ሸንገሮፍ) ምስ ኣሕመድ ጋደፍ ዋርድያ ብምውጻእ፡ ክቡብ ሓጃጅን ዓዋተ መሓመድ ፋይድን መቓብር ክኹዕቱ ጀመሩ። እድሪስ ዒሊ በሽር ናብ ደኳን ከይዱ መግዚ ዓለባ ምስ ኣምጽአ፡ ከበቢ ፍርቂ መዓልቲ ቀበርዎ።

ተጋዳላይ መሓመድ ዓወት ሸሪፍ ኣብ 2017፡ ምስ ጸሓፊ ታሪኽ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ ሃይለስላሰ ወልዱ ኣብ ዝገበሮ ዕላል ብዛዕባ መቓብርን ኣሰላሬኻን ሓምድ እዚ ዝስዕብ ሓቢሬታ ወሲኹ–

ሓምድ ንኣደም ሸንገሮፍ 'ኣነ ቅድመኻ እንተሞይተ ብኢትዮጵያ ከይርከብ ጸቡቕ ገይርካ ስተረፈ' ኢሉ ተላብዩዎ ነበረ። ቀብርም ምስ ወድኡ ድማ ምኽንያት ፈጢሩ ንበይኑ 'ሕሉፉ ከርክበኩም'የ' ኢሉዎም፡ ናብ ሃደምደሚ ኣላገሱ ካብቲ ዓዲ ባዓላን መሸዓትን ወሰዶ። ካብታ ንሓምድ ዝቐበሩላ ብዳርባ እምኒ ዓቢ ኣብ መንጎ ክልተ ኣላዬን (ዝበ) ዳሞጋይ ሓድሽ መቓብር ኩዒቱ ንሬሳ ሓምድ ናብኡ ኣግዓዞ። ድሕሪ ነጸት ብዓል ክቡብ መቓብር ሓምድ ኣብቲ ዝቐበሩዎ ምስ ሰኣንዎ፡ ካብ ቀብርቲ ሓምድ ኑቲ እኹ ብህይወት ተሪፉ ዝበረ ኣደም ክሻ (ሸንገሮፍ) ምድላይ ኮኑ። ጉዳይም ተጋዳልቲ ኢብራሂም ሻኮን ሓሰን ኣምድን ንሸንገሮፍ ካብታ ዘለዎ ቦታ ንኽምጽእዎ ተላእኩ።

ኣብ ጉዕዞኦም እናሓተቱ ሰንቂ ክውድኡ ከለዉ እናሸቀሉ፡ ብመኪናን ብእግርን ልዕሊ ወርሒ ኮለል ኢሎም ኣኽር ሱዳን ሰናር - ተጋጥዕ ሓሊፎም፡ ኣብ ዳርፋር ረኸቡዎ። መልእኽቶም ምስ ገለጹሉ ኣየዕጠጠየን። ንሽኻትኩም እኳ ደኺምና ጸሚእና ከይበልኩም ነዊሕ ተጓዒዝኩም ዝመጻእኩም፡ ንዓይ ደኣ'ሞ ዝተዋህበኒ ሓደራን ለቢዋን ፈጺመ፡ ጸረይ ምእንቲ ክራግፍ እንደኣልኩም ትጽውዑኒ ዘለኹም' ኢሉ ኣጥርዩወን ንዝበረ 60 ኣጣል ብሓደ እዋን ብሓራጅ ሸይጡ ምስኣቶም ተበገሰ። ኣብ ሃደምደሚ ቦታ መቓብር ምስ በጽሑ፡ ፈለማ ቀደም ዱር ስለ ዝበረ ግር ኢሎም። ዳሕራይ ግን ኑተን ንሱ ጥራሕ ዝፈልጠን ምልክት ርእየን። "ኣብ መንገኣን እንተዘይተረኽቡ ኣነ እውን ተደናገረ ኣለኹ" ድማ በሎ። ኣብቲ ቦታ ምስ ኮዓቱ ኣስከሬን ሓምድ ኣብኡ ተረኽበ። መጀመርታ ናብ ባረንቱ ጸኒሑ፡ ናብ ሃይኮታ ተወሲዱ ዳግም ሓመድ ኣዳም ከምዝለብስ ተገብረ። ሓወልቲ እውን ተሰርሓሉ።

ሓምድ ድሕሪ ምስውኡ፡ ኣብ መጨረሽታ ግንቦት 1962፡ እቶም ወተሃደራት ሱዳን ነበር ካብ ከሰላ እድሪስ መሓመድ ኣደም ዘምጽኦ ሓደሽ ብረት ዓጢቖም ንሓምድን ብጾቱን ክረኽቡ ኣብ መንጎ ሩባ ጋሽን ባርካን ይንቀሳቐሱ ነበሩ። ኣብ ክፍላ ሰኑ፡ ምስቶም ንሓምድ ዝቐበሩ ተራኸቡ። ግንደፍል ብረትን ካራን ሓምድ፡ ምስ ዓዋተ መሓመድ ፋይድ ምስ ረኣየ ጠርጢሩ ንእድሪስ ዒሊ በሽት ፈልዩ፡ 'ኣይትሕብኡለይ' ኢሉ ምስ ተማሕጸኖ፡ ሓምድ ከምዝተሰውአ ኣርድኦ። ዝርዝሩ ኑበ። ደሓር ግን ፈኸራ ገይሩ ንሽሎም ኣከቡ፡ "ካብና ንኤርትራ ኢሉ ዝወጸ ኤርትራ ኾና ኣሎ። ንሓምድ ዓዋተ ኢሉ ዝወጸ እንተሎ ግን ሓምድ ተሰዊኡ'ዩ" ክብል ኣርድኦም። ኣብ መንጎኦም ፍርሕን ራዕድን ሰፈነ። ፋሕ ድማ በሉ።


ግንደፍል ዳሞጋይ ፈኸራ ነፈሐ ኣበሎም። "ሓምድ ኣበይ ኣሎ?" ንዝበል ሓታታይ "ብረት ከምጽእ ወጺኡ ከይዱ" ኢሎም ክምልሹ ኣምሓለሞም። መስዋእቲ ሓምድ ከኣ ንጸጥታ ኢትዮጵያ፡ ንህዝቢ ከምኡ'ውን ንተጋደልቲ ምስጢር ኮይኑ ንነዊሕ ተኸወለ። ግንደፍል ኣብ መጨረሽታ ድሕሪ ብዙሕ ሓዘንን ጓህን ንመሓመድ እድሪስ ሓጅ ክምርሖም ከም ዝመረጾዎ የዘንቱ።

መዓንጣኡ ሕጹብ ጨሚቱ ዘይስሕት ንዝተበገሰሉ ዕላማ ሓደ ግዜ ጥራይ ዘይኮነ ሽሕ ግዜ ንሞት ድሊው ጸኒዑ ሃገራውነት ዝውንን መራሒ ምኽሳር ልዕሊ ከቢድ ከቢድ ነበረ። "ሓምድ ክብ ዝበለ ክእለት ምሕደራ ዝበሮ ሰብ'ዩ። ኣብ ዘይጠቕም ዘይዛረብ፡ ናይ ሓለፍቲ ህርፉን ዘይነበሮ፡ ኩሉ ሓሳቡ ንረብሓ ናይታ ቃልሲ ጥራይ ስለ ዝበረ ንማሶዋእቱ ምስቲ ኣብ ቃልሲ ዝርአ ክሳራታት ምስ ሓደ'ኳ ከመጣጥኖ ኣይክእልን" ይብል ግንደፍል።

ጸቡቕ ኢጋጣሚ ኮይኑ ሓምድ ኣብ ዝተሰውኣሉ ብዙሓት ሓያሎ ተጋደልቲ ናብ ሰውራ ተጸንበሩ። ካብ ሰራዊት ሱዳን ነበርን ሰቪልን ከም ማሕሙድ ዲናይ፡ ሕሻል ዑስማን፡ ሳልሕ መሓመድ እድሪስ (ኣቡ ዓጃጅ) ደንገስ ኣረይ፡ ማሕሙድ ማይቡቶት፡ ዓብደላ ዲንል፡ ዑስማን ሳልሕ ከምኡ'ውን መራሒ ተመሃሮ ካይሮ ነበር ስዒድ ሐሴንን ካልኦትን ተወሲኾሞም መርሪም ኣደላደሉ። ካብኡ ንደሓር ንኢትዮጵያ ቀሳዊት ዝኸልእ ሃገራት ንምግባር ዓጢቖም ተዳለው።

### ስርሒት ፈዳይን ኣቑርደት

ድሕሪ ማስዋእቲ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ፡ 28 ግንቦት 1962፡ መሪሕነት ሜዳ መሓመድ እድሪስ ሓጅ ተረኪቡ። ንኣቡርጄላን ስዒድ ሐሴንን ከኣ ኣብ ከተማታት ኣቑርደትን ባረንቱን ፍሉይ ስርሒት ናይ ፈዳይን ንምኽያድ መጽናዕቲ ክገብሩ ተልእኾ ሃቦም። ኣብ መጽናዕቲ እንከለዉ እንደራሴ




ስዒድ ሕሴን


ሃይለስላሰ ኣብ ኤርትራ ዝበረ ጀነራል ኣብይ ኣበበ ዝርከቦም ዓበይቲ ሰበስልጣን ኢትዮጵያ ካብ ኣስመራ ናብ ኣቑርደት ወሪዶም ሰፊሕ ኣኼባ ከካይዱ ምዃኖም ሓቢሬታ ረኸቡ። በዚ መሰረት ኣብ ኣቑርደት ስርሒት ንምኽያድ መጽናዕቲ ጀመሩ። ኣቑርደት ብዝበሩ ሰሩዓት ከም ብዓል መምህር ማሕሙድ መሓመድ ሳልሕ ተሓጊዞም መጽናዕቶም ኣጻፈፉ። ዑደት ሉተናንት ጀነራል ኣብይ ኣበበን ብጾቱን ንጉስ ሃይለስላሰ ኣብ ኣስመራ ካብ ዘካየዶ ኣኼባ ድሕሪ ክልተ ሰሙን ነበረ። ዕላምኡ ኤርትራ ናብ ኢትዮጵያ ምሉእ ብምሉእ ንምጽንባር መንገዲ ምጥጣሕ እዩ ነይሩ። ኣብቲ ብ12 ሓምለ 1962 ኣብ ኣቑርደት ዝተኻየደ ኣኼባ ኣሽሓት ህዝብን ሰበ ስልጣንን ተረኺቦም ነበሩ። ኣኼባ ዳርጋ ኣብ ምውድኡ፡ ኣቦ መንበር ባይቶ ኤርትራ ዝበሩ ደጃዝማች ሓምድ ፈረጅ ንእንደራሴ ዝተወፈየ ህያብ ሴፍን ኣሞምልን ኣብ ዘበርክቡሉ ዝበሩ ህሞት ክልተ ቦምባ ተደርብየን ከቢድ ነውጺ ተፈጥረ።

ካብተን ቦምባ ሓንቲ ዒሲ ሓንቲ ተፈንጀረት። ከም ሳዕቤኑ ፊተውራሪ ዑመር መሓመድ ሓሰኖ፡ ናይ ሕግን ፍትሕን ሰክረተር ዝበረ፡ ሸኽ ሳልሕ ወዲ ሰይድና መስጠፉ ናይ ባርካ መንፈሳዊ መራሒ፡ ወተሃደር ትርፈ ታየ ምስ ራብዓይ ርእሶም ንእለት ትንፋሶም ሓለፈት። ኣቦ መንበር ባይቶ ኤርትራ ደጃዝማች ሓምድ ፈረጅ፡ ተሓጋጊዚ እንደራሴ ንጉስ ሃይለስላሴ ብሉታ ቀመላቸው ደጀኔ፡ ምክትል ኣቦ መንበር ባይቶ ኤርትራ፡ መልኣከ ሰላም ዲሜጥሮስ ገብረማርያም፡ ዳይረክተር ምምሕዳር ሓፈሻዊ መራኸቢታት ኣቶ ተወልደብርሃን ገብረመድህን፡ ኣመሓዳሪ ኣውራጃ ኣቑርደት፡ ኣቶ በላይ ገብረዝጊ፡ ሓላፊ ክፍሊ ፕረስ ኣብ ቤት ጽሕፈት እንደራሴ፡ ኣቶ ኣለማየሁ ኪዳኔ፡ ፍሉይ ጸሓፊ ኣቦ መንበር ባይቶ ኤርትራ ኣጠይብ ዓብደላ ዝርከቡዎም 31 ሰባት ብኸቢድን ቀሊልን ቆሰሉ።

ስርሒት ኣቑርደት ኣብ ሰውራ ናይ ፈለማ ስርሒት ፈዳይን እያ። እቲ ግዜ ኢትዮጵያ ጸቡቕ ገይራ ከይነቕሐትሉ ስለ ዝበረ ተጋደልቲ ሓምድ ኣደም (ግንደፍል)፡ ስዒድ ሕሴን፡ ዓብደላ እድሪስ (ዲጎል) ካብ ኣቑርደት ብሰላም ወጺኦም ጉልባብ ንምግባር ኣብ ጫፍ ናይታ ከተማ ኮይናም ምስ ዝጸበዩ ዝበሩ ብዓል ኣቡጥያራ ተጸንበሩ። ዋላኳ ኣብዛ ስርሒት ዝተሳተፉ ፈዳይን ብሰላም ይወጽኡ፡ መንግስቲ ኢትዮጵያ ምስዛ ስርሒት ዝኾነ ምትእስሳር ዘይብሎም መሓመድ ሓሰን ሓሰናን ዓብደርሕም መሓመድ መላን ዝበሃሉ ኤርትራውያን ኣብ ትሕቲ ቀይዲ ኣእተዎ። ኣብ ልዕሊኦም ከቢድ መርመራ ኣካየደ። ኣብ መጨረሽታ፡ ብዘይ ወግዓዊ ንሞት ተፈሪዶም፡ ኣብ 1966 ኣብ ኣቑርደት ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ብምሕንቓቕ ተቐትሉ። ብዘይካዚ ብዙሓት ጥርጡራት ተኣሰሩ። ኣብዮት ማእሰርቲ ኣቑርደት፡ ከረን ተሰኒዱ ናቕፋ፡ ባረንቱ ብእሱራት ኣለቕለቓ። ንጠፋእት መራሕቲ 'ሓረካ'ን ጀብሃን ኣብ ኣቑርደት ብዓል እሱታዝ ማሕሙድ መሓመድ ሳልሕ



መሓመድ ኣልሓሰን ሓሰኖ



መሓመድ ስዒድ ሕሴን

ካብ ከረን ብዓል ሳልሕ ኣሕመድ እያይን ካልኦትን ተታሒዞም ተኣሰሩ። ፖሊስ ኣብ ልዕሊ እሱራት ኣሰቃቒ መርመራ ብምክያድ፡ ብዙሕ ምስጢር ረኸበ። ከም ሳዕቤኑ ኢትዮጵያ ንፈለማ ግዜ ጀብሃን 'ሓረካ'ን ዝበሃላ ክልተ ውድባት ኣንጻራ ይቃለሳ ምንባረን ጭብጢ ረኸበት። እቶም ኣብ ዝተፈላለያ ከተማታት ኣብ ሓደ መስመር ዝጸንዑ ዝበሩ ተቓለስቲ ከኣ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ተራኸቡ። ናይ እቶም ቀንዲ መራሕቲ ፍርዲ ንዓመታት ስለ ዝበረ ገለ ንኣስመራ ካልኦት እውን ክሳብ ንኣዲስ ኣበባ ተሰዲዶም ተዳኑ።

ይቕጽል . . .

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 09:00 | ሃገራዊመዝሙር |
| 09:05 | ሃሎ ቁልዑ |
| 09:40 | ፓኖራማ |
| 10:10 | ድራማ |
| 11:00 | ለሰ ስፖርት |
| 12:30 | ዜና(ትግርኛ) |
| 12:55 | ጨራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና(ዓረብ) |
| 13:45 | መልሲ ኣብ ማስመር ቀጥታ |
| 14:30 | ናትራን |
| 17:00 | መደብ ኣከቢ |
| 17:35 | ሳይዳ |
| 18:35 | ደረትቃና |
| 20:00 | ዜና(ትግረ) |
| 20:15 | ፊልም ዳምር |
| 21:00 | ዜና(ትግርኛ) |
| 21:25 | ተክኢንሳይት |
| 22:00 | ዜና(ዓረብ) |
| 22:10 | ጸጥቓ |
| 22:30 | ዜና(እንግሊዝ) |



ያቆብ መርሃዊ (ጃክ)

# እቲ መርማሪ ቁልዒ

## ዓስራይ ክፋል

## ዛንታ

"ናብ ዝኸበርካ ቈልዓ

ብመጀመርታ ሰላምታይ ይብጻሕካ። ብምቕጻል ከምዛ እትርእየ ዘለኻ ኩሉ ስርሐይ ጉዳፈ ኣብዘ ግዛውትኹም እየ ዘውዕል ዘለኹ። ካብ ኩሉ ኣፍሪሁኒ ዘሎ ድማ ከምዝለዓልኩ ንፖሊስ ከይትሕብሮም እዩ። ከምቲ ዝበልካኒ ነታ ብሽክለታ መሊሰያ ኣለኹ። እቶም ዋና ብሽክለታ ኣዘዮም ተሓጒሶም ክኾኑ ተስፋ እገብር። ስለዚ፡ በቲ ዝገበርኩዎ ሰናይ ነገር ምሕረት ክትገብረለይ እልምነካ ኣለኹ።

"ቈልዓ ሓወይ፡ ንስኻ ዝበልካኒ ኩሉ ክገብር ድሉው እየ። ንስኻ ጥራይ ናብ ፖሊስ ኣይተረክበኒ። በቲ ዝገበርኩዎ ሕማቕ ነገር ማዕረ ክንደይ ተጣዒሰ ከምዘለኹ እንተትፈልጥ ምደንገጽካለይ ነይርካ። ስለዚ፡ ሰብ ካብ ጌጋኡ ክምሃር ስለ ዘለዎ ኣነ ከኣ ካብ ጌጋይ ተማሂረ ኣለኹ።

"ቈልዓ ሓወይ በኛኻ ኣሕሊፍካ ኣይትሃበኒ። ሓገዝካ እልምን ኣለኹ። ፍቓደኛ እንተ ኼንካ ክንራኸብ እሞ ኮፍ ኢልና ከዕልል ሓንቲ ዕድል ሃበኒ። ክሳብ እንራኸብ ሰላም!

ቻው ቻው

ካብ ሓውኻ ሰመረ"

ሳይሞን፡ ደብዳበ ኣንቢቡ ምስ ወድአ ንብዩኑ ሰሓቐ፣ ነታ ደብዳበ እናዓጸፈ ከኣ፡

"ሓቂ'ዩ። ከም ዝተጣዕሰ ኣረጋጊጸ ኣለኹ። ስለዚ፡ ስርቂ ጉዳፉዎ ኣሎ ማለት'ዩ። ኣብ ዝቕጽል ድማ መቕጻዕቲ ክህልዎ እዩ። ስለዚ ክምህር ኣሎኒ። ጸወታ ቀጽሪ ሓደ ተዛዚሙ ኣሎ። ብሽክለታ ናብ ዋናኣ ተመሊሳ" መጽሓፍ ገንጺሉ ነታ ደብዳበ ኣብ ማእከል ቀርቀራ።

* * * *

ሰመረ፡ ከም ኣመሉ ኣብ ገዛ ባንዳ በጺሑ፡ ኣብ ጉደና እምሓጀር፡ ጉደና ኣይኮኖ ... ኾዋ ነጀው በለ። ሳይሞን ተዛዝዩ ኣብ ጥቓ ሰመረ ቀረበ ሰላምታ ከኣ ተለዋወጡ።

"ኢንጅነር ጉዳይካ ከመይ ኮኑ? ምስቲ ወዲ'ኸ ተራኺብኩዶ?" ሳይሞን ኣብ ጉድኒ ሰመረ፡ ኣብ ጽላል ኣብ ትሕቲ ማርቻፔዲ ኮፍ በለ።

"ኩሉ ደሓን እዩ" ሰመረ፡ ቀሊሕ ምሊሕ እናበለ መለሰ።

"ኣነ ግን ክልቴኹም ዘሓባእኩሞ ምስጢር ከምዘሎ ጠርጢረ ኣለኹ" ሳይሞን ንሰመረ ብሲያፍ ጠመቶ።

"ኖ...ኖ ምስጢር ኣይኮነን። ንእሽቶ ጉዳይ ኣላትና፣ ኣብ ግዚኡ ድማ ክትፈልጦ ኢኻ" ሰመረ ክሽፍን ደለየ።

"ሕራይ ዘይ ስቕ ኢለ እየ እምበር እንታይከ ዘእቱ ኣለኒ፡" ሳይሞን ዘይተገደሰ መሰለ።

"ኢንጅነር ዓርከይ ምስ ቈልዓ ተራኺብካ ነይርካ ዲኻ?" ብተገዳስነት ሓተተ።

"እወ ተራኺብና ነይርና።"

"እሞ ብዛዕባይ ኣዕሊልካ ድዩ?" ሰመረ እናተሰከፈ ሓተተ።

"ኣይ ዘይከውን! ብዛዕባኻ ፍጹም ክዛረብ ኣይደልን እየ። ከመይ ነቓጽ ድዩ መሲሉካ። ከምዛ ንስኻ እትገብረኒ ዘለኻ ጎቦ ጎቦ እዩ ዝብል፡ " ሳይሞን ካብቲ ኣብ ትሕቲኡ ዝነበረ ደቀቕቲ ጸጸር ኣልዒሉ ክድርቢ ጀመረ።

ይቕጽል...

## መልሲ ውድድር ተርሙማ

ሀ. ሕቶታት ዘር ፈረንሳ
1. ሳልሳይ መድረኽ
2. ኣብ መበል 16 መድረኽ
3. ታዲ ፓካቻ
4. ብ33 ነጥቢ
5. 1915-18 ከምኡ'ውን 1940-1945 ዓም

ለ. ሕቶታት ታሪኽ ኤርትራ
1. 17 ግንቦት 1960
2. 12 ሓምለ 1962 ኣብ ኣቍርደት
3. 5
4. 7
5. ተጋዳላይ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

ሐ. ግድል፤ 71

መ. ሓፈሻዊ ሕቶታት
1. ሓሙሽተ
2. ናይ ከበሮ ዓይኒ ቈርበት
3. ጥንታውያን ግብጻውያን
4. ፈረንሳዊ ዴኒ ዲዴሮ 1713-84 ዓም
5. ኣብ ሰላም ሆቴል፡ ሰሉስ 27 ሚያዝያ 1993 ዓም

## ዕዉታት ውድድር ተርሙማ

| ተ.ቑ. | ምሉእ ስም ዕዉት ተመሃራይ | ደ.ት | ዞባ |
|---|---|---|---|
| 1 | ሰናይ እስቲፋኖስ | 4 | ማእከል |
| 2 | ኬብሮን ገብረመስቀል ወልዳይ | 4 | ማእከል |
| 3 | ቤትኣብ ንኣምን ሰመረ | 5 | ማእከል |
| 4 | ብሌን ዳዊት እስቲፋኖስ | 5 | ማእከል |
| 5 | ኣቢጋይል ተስፋይ | 5 | ማእከል |
| 6 | ናይኤል ሄኖክ ሃብተ | 5 | ማእከል |
| 7 | ዮናታን ገብረመስቀል ወልዳይ | 5 | ማእከል |
| 8 | ምሳና ተስፋልደት ኣረፋይነ | 5 | ማእከል |
| 9 | መኸሰብ የማነ ሓጐስ | 5 | ማእከል |
| 10 | ሓልዮት ሰዩም ተኸለ | 6 | ማእከል |
| 11 | ለውሃት ዓወት መብራህቱ | 6 | ማእከል |
| 12 | ናታን ብርሃነ ጕይትኦም | 7 | ማእከል |
| 13 | ናእሚ መሓሪ ገብረሚካኤል | 7 | ማእከል |
| 14 | ሳይሞን ክብሮም መብራህቱ | 7 | ማእከል |
| 15 | ሃለሉያ ሰዩም | 8 | ማእከል |
| 16 | ጳውሎስ ዮሴፍ | 8 | ማእከል |
| 17 | ቤትኤል ዳዊት እስቲፋኖስ | 8 | ማእከል |
| 18 | መንግስተኣብ ሰመረ | 8 | ማእከል |
| 19 | እሰይ ተኸሉ ኩተማ | 8 | ማእከል |
| 20 | ድርሳን ልኡል | 8 | ማእከል |
| 21 | ሚካኤል ሄኖክ ሃብተ | 8 | ማእከል |
| 22 | ፍስሃየ ጌታቸው መሓሪ | 8 | ማእከል |
| 23 | ሀያብኤል ዓወት መብራህቱ | 8 | ማእከል |
| 24 | ኤፍሬም መብራህቱ ዑቕባዝጊ | 9 | ማእከል |
| 25 | እልልታ ተስፋልደት ኣረፋይነ | 10 | ማእከል |
| 26 | ሳሙኤል ዮሴፍ | 11 | ማእከል |
| 27 | ሚልዳና መርሃዊ ኣለም | 4 | ዓንሰባ |
| 28 | ሃላእ ዑመር | 6 | ዓንሰባ |
| 29 | ማርኬዛ መርሃዊ ኣለም | 6 | ዓንሰባ |
| 30 | ሲራክ ዮሴፍ ኣስፍሃ | 9 | ደቡብ |
| 31 | ላሚክ ዮሴፍ ኣስፍሃ | 5 | ደቡብ |
| 32 | ሉልንዳ ዜናዊ የማነ | 2 | ጋሽ ባርካ |
| 33 | ኣርማና ዜናዊ የማነ | 3 | ጋሽ ባርካ |
| 34 | ሙሴ መርሃዊ ቦኽረጼን | 6 | ጋሽ ባርካ |

# ዕዉታት፡ መበል 15 'ውድድር ተርሙማ' ተሸሊሞም!!



ዝኸበርኹም ኣንበብቲ ዓምዲ ተርሙማ፡ ኣብ ዝሓለፈ ግዜ መበል 15 ውድድር ተርሙማ ኣካይድና ምንባርና ዝዝከር እዩ። ዕዉታት መበል 15 ውድድር ብዕለት 30-09-2025 ኣብ ኣዳራሽ ዳዕሮ ዝተዳለወሎም ሰርቲፍኬት ንምቕባል ጽንብል ተኻፊሎም።

መደብ ከምቲ ልሙድ ብዘክረ ሰማእታት ተጀሚሩ። ድሕሪ ዝክረ ሰማእታት ኣዳላዊ ዓምዲ ተርሙማ፡ ያቆብ መርሃዊ (ጃክ) መድረኽ ተረኪቡ፡ ንተዓወትቲ ተመሃሮን ወለድን እንቋዕ ኣሓጐሰኩም ብምባል፡ "... ኣብ መበል 15 ውድድር ተርሙማ ደሓን ዝኾነ ውጽኢት ዝተመዝገበሉ ውድድር እዩ ነይሩ። 34 ተመሃሮ ምሉእ ነጥቢ ኣምጺኦም። እዚ ድማ ውድድር ተርሙማ ካብ ግዜ ናብ ግዜ እናዓበየ ይኸይድ ምህላዉ የርእየና። ... ኣብ መበል 15 ውድድር 148 ተወዳደርቲ ካብ ኣርባዕተ ዞባታት ነይሮም። ካብቲ ዝተዋህበ ሕቶታት ዘር ፈረንሳ 95.3%፡ ሕቶታት ታሪኽ ኤርትራ 81.8%፡ ግድል 100%፡ ሓፈሻዊ ሕቶታት 78.8% ብጠቕላላ ድማ 89% ልክዕ መልሲ ተመሊሱ። ዝበዝሐ ጌጋ ዝተረኽቦ ሓፈሻዊ ሕቶታት ነይሩ። ኣብ ሕቶታት ዘር ፈረንሳን ግድልን ዝበለጸ ውጽኢት ተመዝጊቡ።

".... ተወዳደርቲ ካብ ኣርባዕተ ዞባታት ኮይኖም፡ ካብ ዞባ ሰ.ቀ.ባሕርን ደ.ቀ.ባሕርን ተወዳደርቲ ኣይነበሩን። ተዓወትቲ ካብ ኣርባዕቲኡ ዞባታት እዮም። ...ከም ወትሩ ዕላማ ውድድር ተርሙማ ኣብ መንጎ ተመሃሮ ናይ ምውድዳር መንፈስ ንምሕዳርን ናይ ንባብ ዝንባለ ንምዕባይን ስለ ዝኾነ 34 ዕዉታት ክሽለሙ እዮም። ኣብ ናይ ሎሚ ምዕዳል ሽልማት ካብ ዞባ ዓንሰባ ኩተማ ከረን ሽልማት ንምውሳድ ዝመጽኣ ክልተ ዕዉታት ተመሃሮን ሓደ ኣቦ ዕዉት ካብ ዞባ ጋሽ ባርካ ዝመጽኣን ኣለዉ። ብስም ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ድማ ልዑል ምስጋና ይብጽሓዮም። ውድድር ዕዉት ንክኸውን ዝሰርሑ ኩሎም ስለቲ ዝገበሩዎ ኣበርክቶ ብልቢ ነመስግን!" ብምባል መደረኡ ዛዚሙ።

ድሕሪ ኣዳላዊ ዓምዲ፡ ካብ ኩተማ ተሰነይ ዝመጽአ ኣቦ ሙሴ መርሃዊ፡ ኣቶ መርሃዊ ቦኽረጼን መድረኽ ተረኪቡ።

ኣቶ መርሃዊ ቦኽረጼን፡ "...መጀመርታ ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ንኣንበብቲ ንምምሃርን ጽልዋ ንምሕዳርን ንእትገብሮ ዘላ ጻዕሪ ብልቢ ኣመስግን። ኣብ መበል 15 ውድድር ወደይ ሙሴ ተዓዊቱ ኣሎ። እዚ ዓወት ድማ ንምልእቲ ስድራና ዘሐጉሰና ዓወት እዩ። ልዕሊ ኩሉ ድማ ደቅና መጽሓፍቲ ንኽፍትሹን ምስ ካልኦት ንኽመያየጡን ኣዝዩ ሓጋዚ እዩ። ...ውድድር ተርሙማ ኣብ ኣፍልጦና ይኹን ኣተሓሳስባና ዓቢ ጽልዋ ትገብር ኣላ። ነዚ ሕቶታት ክንምልስ ንበዙሓት ቤት



ሚልዳና መርሃዊን ማርኬዛ መርሃዊን

ሰብ፡ ብዙሓት መጽሓፍቲ ፈቲሽና። ንእግረ መገድና ብዙሕ ፈሊጥና። ንኣባላት ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ንእትገብርዎ ዘለኹም ጻዕሪ ኣድንቕ። ቀጽልዎ ንሕና ድማ ተሳትፎና ክንቕጽል ኢና... የቐንየልና!" ብምባል ሓሳቡ ብሓጎስ ኣካፊሉ።

ድሕሪ ኣቶ መርሃዊ ቦኽረጼን መድረኽ ዝተረከበት፡ ዕዉትቲ ተመሃሪት ማርኬዛ መርሃዊ፡ ካብ ዞባ ዓንሰባ ኩተማ ከረን ዝመጸት እያ።

ተመሃሪት ማርኬዛ ምስ ኑብኣ ድሕሪ ምልላይ፡ "...መጀመርታ የቐንየለይ! ቀጺለ ኣብ ውድድር ተርሙማ ምዕዋተይ ኣዝዩ ተሓጒሰ ኣለኹ። ምስ ሓብተይ ሚልዳና ሎሚ ንኻልኣይ ግዜ ኢና ንዕወት ዘለና፣ ውድድር ጽቡቕ ነይሩ። ኣብዚ ጽንብል ክንሳተፍ ድማ ኩልና ሰድራ ኣብ ከረን መጺእና።



ኣቶ መርሃዊ ቦኽረጼን

ንሕቶታት ውድድር ተርሙማ ምስ ሰድራ ኳንና ኢና ሰሪሕናዮ። ተዓዊትክን ምስ ተብሃልና ኣዝና ተሓጒስና። ኣብ ዝቕጽል ድማ ካብዚ ብዝለዓለ ክንቅጽል ኢና። ብዙሕ ትምህርቲ ንረክብ ስለዘለና ቀጽልዎ፡" ብምባል ሓጐሳ ገሊጻ።

ብድሕሪ እዚ ድማ ተመሃሪት ሳራ ዮሴፍ ብዛዕባ ንባብ፡ ከምኡ'ውን ዶክተር ዳዊት እስቲፋኖስ ብዛዕባ ጉድኣት ሞባይል ኣስተምህሮ ሂቦም። ስለቲ ዝሃብዎ ኣስተምህሮ ብስም ተመሃሮ ብልቢ ነመስግን።

ብድሕሪ'ዚ፡ ምዕዳል ሽልማት ሰዒቡ። ናይ መበል 15 ውድድር ናይ ኩብሪ ዕዱም መምህርን ደራስን ኣስመሮም ገብረማርያም እዩ። መምህር ኣስመሮም፡ 'ኣርማና 1'፡'ኣርማና 2'፡ 'ምስጢር ጾም ኣብ ጥዕና' ዝብሃላ ሰለስተ መጽሓፍቲ ዝደረሰ እዩ። ንዕዉታት ተሳትፎኦም ብምድናቕ ከምዚ ዓይነት ውድድር ንተመሃሮ ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለ ዝኾነ ክቕጽል ብምልባው፡ ንተመሃሮ ኣብ ቋንቋ ክገብርዎ ዘለዎም ተገዳስነት ሰፊሕ መግለጺ ሂቡ፡

"... ብቛንቛኹም ትመሃሩ ስለ ዘለኹም ዓቢ ረብሓ ኣለኩም። ኣብ ቋንቋ ዘለኩም ኣፍልጦ ንምዕባይ ብቛንቋ ትግርኛ ዝተደለዉ መጻሕፍቲ ኩተንብቡን ብቛንቛኹም ድማ ክትጽሕፉን ይግባእ። ...እዚ ዓወትኩም ናይ ጻርኹም ውጽኢት እዩ። ዝፀን ሕቶታት ብምምላስኩም ንስኻትኩም ካብቶም ካልኦት ቈልዑ ትበልጹ። ዝፀን ሕቶታት እዚኣን ክትምልሱ ብዙሕ ጽዒርኩም ኢኹም። ዝጸዓርኩምሉ ድማ ኣብ መጻኢ ህይወትካ ከምዝሕግዘኩም ርዱእ እዩ። ስለዚ፡ ናይ መጻእቲ መራሕቲ፡ ደረስቲ ንስኻትኩም ስለዝኾንኩም ነዚ ጀሚርኩሞ ዘለኹም ናይ ንባብ ተበግሶ ቀጽልዎ። ንዓለምና ዝመርሑዋ ምሁራን ስለ ዝኾኑ ናይ ትምህርቲ ዕድልኩም ድማ ብግቡእ ተጠቀምሉ። ቋንቋ ብምልምማድ ስለ ዝዓቢ ወትሩ ጽዓሩ፣ ንሕና ኣብ ግዜ ቍልዕነትና ከምዚ ናትኩም ዕድል ስለዘይረኸብና ድሕሪ ናጽነት ኢና ምስ ዓበና ተማሂርና...፡" ብምባል ንዕዉታት ተመሃሮን ንተሳረፍቲ ወለድን ሰፊሕ ምዕዶ ለጊሱ።

ኣብ መወዳእታ፡ ዕዉታት ዝተዳለወሎም ምስክር ወረቐት፡ ካብ መምህር ኣስመሮም ገብረማርያም ተቐቢሎም።

ድሕሪ ምዕዳል ሽልማት ድማ መደብ ብሃገራዊ መዝሙርን ናይ ስእሊ መደብን ብደስ ዙብል ሃዋሁው ተዛዚሙ።

ኣዳላዊ ዓምድን ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራን፡ ንማእከላይ ቤት ጽሕፈት ሃማመተኤ ከም ወትሩ ነመስግን

ስእሊ፡- ማርዶካይ ማቱሳላ

# ቃልሲ ደቂ ኣንስትዮ ሸቃሎ

ሚርያም ዮሴፍ

ሎሚ፡ ኣብ ናጻ ኤርትራ ንማዕሉትን ግቡኣትን ሰራሕተኛታት ዘጸር፡ ኣብ ሃገራዊ ቻርተርና ይኹን ካልኦት ኣገደስቲ ሰነዳትና ዝሰፈረ መትከላት ከም ቀንዲ መርሓና ኮይኑ ዘገልግል ዘሎ እዩ። ከነጸ ኣብ ጽሑፍ ምስፋር ዝኸይድ፡ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ዘረጋገጾ ማዕሉት ምኳኑ ድማ ዝስሓት ኣይኮነን። ህ.ግ.ሓ.ኤ፡ ኣብ 1977 ኣብ ዘካየዶ ቀዳማይ ውድባዊ ጉባኤ ዘጽደቖ ሃገራዊ ደሞክራሲያዊ ፕሮግራም፡ ንማሕበራዊ ማዕሉት ሰራሕተኛታት ኣመልኪቱ ዘውጽኦ መርሓታት መርኣያ ናይቲ ዝነበሮ ነዊሕ ራኢን ሰብኣዊ ኣጠማምታን እዩ። ገለ ካብኡ፡ ንማሰል ሰራሕተኛታት ዝጣበቓን ዘረጋግጹን ማሕበር ሰራሕተኛታት ምቛምን ሕጊ ምውጻእን፡ ድሕነት ጥዕና ሰራሕተኛ ዝሕለወሉን ግቡእ ማሕበራዊ ናብዮት ዝረኽቡሉን ባይታ ምፍጣር፡ ናይ ስራሕ ውሕስነት ዘረጋግጹሉን ማሰሉ ዝሕልወሉን ከምኡ'ውን ሸቓለት ኣልቦት ንምጥፋእ ነፍሲ ወከፍ ዜጋ ስራሕ ዝረኽበሉን ባይታ ምፍጣርን ካልእን ዝብል ደርከቡ።

ቃልሲ ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ድማ፡ ሓደ ክፋል ናይቲ ፖለቲካውን ቁጠባውን ማሰላት ንምጉንጻፍ ዝተጉበረ ቃልሲ ኮይኑ ኣብ ታሪኽና ሰፊሑ ኣሎ። ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት'ውን ኣካል ናይዚ ታሪኽ ብምኳን ሓያል ቃልሲ ኣካይደን እየን። ኣብ 1960ታት፡ ኣብ ኤርትራ ብርክት ዝበሉ ሕሰር ዘይክእሊታዊ ዕዮ ደቂ ኣንስትዮ ዝጠልባ መሳንዖት ስለ ዝተኸፍታ፡ ንቑጽሪ ደቂ ኣንስትዮ ሸቃሎ ክብ ዘበሉ እዋን እዩ ነይሩ። ኣብቲ እዋን እቲ ዝነበረ መግዛእታዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ማዕሉት ሸቃሎ ዝሕሉ ሕጊ ስለ ዘይነበሮ፡ ኑቲ ኣብ ግዜ ፌደረሽን ዝነበረ ናይ ሰራሕተኛታት ማሕበር ብምልማስ፡ ደቂ ኣንስትዮ ሸቃሎ ኣብ ትሕቲ ሕሱም ናይ ስራሕ ኩነታት ክሰርሓ ኣገዲዱ እዩ። እዚ ተርእዮ ድማ፡ ምስ ምምጻእ ደርግ እናበኣሰ ከደ።

ንኣብነት፡ ኣብቲ ግዜ'ቲ፡ ናይ ሸሞንተ ሰዓታት ናይ ስራሕ ግዜ ተኣዊጁ እኳ እንተ ነበረ፡ ነፍሲ ወከፍ ጓል ኣንስተይቲ ሰራሕተኛ ኣብ መዓልቲ ዕረፍታ ብወሓሉ ናይ ሹዱሽተ ሰዓታት ደሞዝ ዘይክፈሎ ዕዮ ብስም "ምርት ዘመቻ" ወይ ናይ እቶት ዘመተ ከተወፊ ስለ እትግደድ፡ ኑቲ ምዝማዛ የብኣሶ ከም ዝነበረ ይፍለጥ። ኑቲ 'ንማዕረ ስራሕ ማዕረ ደሞዝ' ዝብል ማሰል ሸቃሎ ደቂ ኣንስትዮ ድማ ብተመሳሳሊ መንገዲ የፍሽለ። ንኣብነት፡ ናይ ሓንቲ ካብ'ተን ደርግ ዝሃገረን መሳንዖት ፋብሪካ ጨርቂ-መርቂ (እንዳ ባራቶሎ) ከም ዝሕብሮ፡ ኣብ ናይቲ ፋብሪካ ሸቃሎ፡ ማለት ኣብ መንን ደቂ ኣንስትዮን ደቂ ተባዕትዮን ዝነበረ ናይ ደሞዝ ፍልልይ ዓቢ እዩ ነይሩ።



ንደቂ ኣንስትዮ ንጥዕናኦን ጉዳኢ ዝኾነ ስራሕ ከም ዝሰርሓ ምግባር'ውን፡ ሓደ ካብቲ ቀንዲ ኢሰብኣዊ ገበናት ፋሽሽታዊ ስርዓት ደርግ እዩ ነይሩ። ገለ ካብ'ተን ንደቂ ኣንስትዮ ብዝበዝሐ ኣብ ትሕቲ ከቢድ ናይ ስራሕ ኩነታት ዘሳትፋ ዝነበራ መሳንዖት፡ ትካል እንዳ ማዕጺድ እዩ ነይሩ። እዚ ትካል ንጉዳይም ሸቃሎ፡ ንኣሸቱ ምኽንያት እናፈጠርካ ብዘይ እስትሕጋግ ብምስንጋን ማዕላት ድሕነት ብምግሃሰን ዝፍለጥ ዝነበረ ትካል እዩ። ብቑጽሪ ኣዝየን ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ድማ ግዳይ ናይዚ ኮይነን እየን።



ኣብዚ መድረኽ ካብ ዝነበረ ኢሰብኣዊ ኣተሓሕዛ ደቂ ኣንስትዮ ሸቃሎ ሓደ፡ ናይ ቅድምን ድሕርን ሕርሲ ዘሎ ኩነታት እዩ። ኣብ ግዜ ወሊድ ዕረፍቲ ካብ ዘይምህላው ዝተቐለ፡ ሸቃሎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ እግሪ ናይ'ተን ዝሰርሓለን ማሽናት ይሓርሳ ነይረን እየን። ኣብ 1983፡ ኣብ ገለ ገለ ትካላት ብተደጋጋሚ ዘጋጥም ካብ ዝነበረ ተርእዮ ኮይኑ፡ ገለ ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ብሰንኪ እኹል ሕክምናዊ ክንክን ዘይምርካብ ኣብ ቦታ ስራሕ ሂወተን ዝሰኣና ከም ዘለዋ'ውን ይፍለጥ። ዝኣብ ትሕቲ ከምዚ ዝበለ ጽንኩር ናይ ስራሕ ኩነታት ዝረኽብኦ ደሞዝን'ውን እንተ ኾነ፡ ዝተፈላለየ ምኽንያታት ብምፍጣር ይቑረጽ ነይሩ እዩ። ገለ ካብኡ፡ ዘይምኽኑይ ቀረጽ፡ ኣብ ኣዲስ ኣበባ ንዝህሉ ህንጻታት መሰርሒ ተባሂሉ ዝቑረጽ ደሞዝ፡ ብፈንጂ ተጋደልቲ ንዝዕነዉ ትካላት መጸገኒ፡ መግዕበሊ ስፖርት፡ ንእግሪ መትከል፡ ወዘተ. ተባሂሉ ዝቑረጽ ደሞዝ ማእለያ ኣይነበሮን። ስለ ዝኾነ ድማ፡ ትሕቲ ፍርቂ ናይ ዝሰርሕኦ ደሞዝ ኣብ ኢደን ይበጽሕ ነበረ።

ሸቃሎ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኑቲ ኣብቲ መስፍናዊ ስርዓት ሃይለስላሴ ዘጋጥምን ዝነበረ ጭቆናታት ይኹን ኑቲ ኣብ ስርዓት ደርግ ዘጋጥመን ዝነበረ ጸቕጥታት መምስቲ መድረኹ ዝኸይድ ተቓውሞታት የርኢያ ነይረን እየን። እቲ ዕቱብ ናይ ሸቃሎ ምውዳብን ምንቃሕን ከምኡ'ውን ተቓውሞታት ግን፡ ምስ ምውላድ ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ ካብ 1974 ንደሓር እዩ ተጀሚሩ። በዚ ምኽንያት ከኣ፡ ቁጽሪ ናይ'ተን ኣብ ትሕቲ ህ.ግ.ሓ.ኤ ተወዲበን ዝንቀሳቐሳ ሸቃሎ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ክብ እናበለ ከይዱ። ንኣብነት፡ ኣብ 1975፡ 3.3% ናይ'ቶም ኣብ ከተማ ኣስመራ ዝነበሩ ኣባላት ሓፋሽ ውዱባት ህ.ግ.ሓ.ኤ. የቐማ ነይረን። ኣብ 1976 ናብ 7.5% ክድይብ ከሎ፡ ኣብ 1977 ናብ 13.4%፡ ኣብ 1978 ድማ ናብ 21.1% ደየበ። ካብ 1979 ንደሓር ከኣ፡ ሸቃሎ ደቂ ኣንስትዮ ብዝለዓለ ደረጃ ተጠርኒፈን ከም ኣባላትን ሓለፍትን ናይቲ ብመሪሕነት ህ.ግ.ሓ.ኤ ዝቖመ ሃገራዊ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ ኮይነን ሰውራዊ ንጥፈታተን ኣብ ምስልሳል ብተወፋይነት ነጢፈን እየን።

ገለ ካብ'ቶም ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮ ዘካየድኦ ተቓውሞታት ድማ፡ እቲ ብናይ ደቂ ኣንስትዮ ሰሙን ዝፍለጥ፡ ናይ'ተን ኣብ እንዳ ባራቶሎ ዝሰርሓ ዝነበራ 2000 ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮ እዩ። እዚ ኣድማ እዚ፡ ወሰኽ ናይ ደሞዝ ዝጠልብ፡ ኣብ መንን ናይ ስራሕ ሰዓታት ውሱን ናይ ዕረፍቲ ግዜ ዝጠልብ፡ ከምኡ'ውን ማዕሉት ጥዕና ሸቃሎ ክሕሎ ዝጸውዕ ኣድማ እዩ ነይሩ። እዚ ኣድማ እዚ ካብ 25 መስከረም ክሳብ 6 ጥቅምቲ 1974 እዩ ተኻዪዱ። ኣብ ውሽጢ እዚ ክልተ ሰሙን ስራሕ ደው ናይ ምባል ኣድማ፡ ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ናይዚ ትካል፡ ለይትን መዓልትን ኣብ ኣፍ ደገ ናይቲ ፋብሪካ ይውዕላን ይሓድራን ከም ዝነበራ ይፍለጥ። ኣብ መጀመርያ፡ እቲ ኣድማ በቲ ስርዓት ኮነ በቲ ወናኒ ፋብሪካ ትሑት ግምት ተዋሂብዎ እኳ እንተ ነበረ፡ ክፅንት ኣጸጋሚ ምስ ኮነ ግን፡ ኣካየድቲ ናይ'ቲ ትካል ናይ 0.50 ሳንቲም ናይ ደሞዝ ወሰኽ ብምግባር፡ ኑቲ ናይ ስራሕ ኣድማ ከም ዝቋረጽ ገበሩ።

ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮ መሪሕ ቦታኦን ኣብ ሰውራ ብምግባር ንሓፋሽ ህዝቢ ኤርትራ፡ ኣብቲ ንፅምሪ መግዛእቲ ንምሕጻር ዝካየድ ዝነበረ ሃገራዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተሳቲፈን፡ ወዲበንን ዓጢቐንን'ውን እየን። ካብቲ ዝርከቡ እትዋተን'ውን ናይ ገዛዚኦን ንዋትን ደገፍ ብምሃብ፡ ንሰውራኦን ደጊፈን እየን። ንኣብነት፡ ኣብ 1979 ኣብ ኢትዮጵያ፡ ኣብ ትካል ዓለባ እንዳ ኢት ዝሰርሓ ዝነበራ ኤርትራውያን ደቂ ኣንስትዮ ሸቃሎ፡ 1479 ጥቃታት ሞዴስ ሰሪሐን ንሰውራ ኣወፍየን እየን። ገለ ሰራሕተኛታት'ውን ካብ 20% ክሳብ 50% ናይ ደሞዘን ዘወፍያ ሓርበኛታት ከም ዝነበራ ይፍለጥ። ኣብ 1977፡ ብሸቃሎ ደቂ ኣንስትዮ፡ ብመገዲ ወርሓዊ ወጽኢት ዝተኣከበ 85 ሽሕ ብር'ውን፡ ሓደ ካብቲ ዝነበረን ኣበርክቶ እዩ። ሰራሕተኛታት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ምፅናው ትካላት ጸላኢ ከይተረፈ ይሳተፋ ነይረን እየን። ኣብ 1976፡ ንፋብሪካ ክርቢት ንምፅናው ኣብ ዝወጸ መደብ፡ ናይቲ ፋብሪካ ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ከም ዘካየዳኦ ተገብረ። ድሕሪ እቲ ዝተኻየደ ከፊላዊ ስርሒት ድማ፡ ናብ ሜዳ ኤርትራ፡ ናብ ብረታዊ ቃልሲ ተጸንበራ።

ብተወሳኺ፡ ንህዝባዊ ግንባር ዘለወን ጽኑዕ ደገፍ ንምግላጽ፡ ስራሕ ደው ናይ ምባል ኣድማ'ውን የካይዳ ነይረን እየን። ንኣብነት፡ እቶም ኣብ ፋብሪካ ዓለባ ባራቶሎ ዝሰርሑ ሸቃሎ፡ ብ2ቲ መስከረም ናይ 1982፡ 'ማዕሉትና ይተሓለወልና፡ ግፋዕኛታት ሓለፍቲ ይቀየሩልና' ብምባል ናይ ስራሕ ኣድማ ገይሮም እዮም። ኣብቲ እዋን እቲ ናይ መግዛእታዊ ስርዓት ኢትዮጵያ ወከል ዝነበረ ሻለቃ ዳዊት ወልደጊዮርጊስ፡ "ሎሚ በዓል ናይ ሻዕብያ ስለ ዝኾነ ደገፍኩም ንሻዕብያ ንምርግጋጽ ኢኹም እዚ ኣድማ ተኻይድዎ ዘለኹም" ብምባል፡ ናይ ምፍርራሕ ዘመተ ጀመረ። እንተ ኾነ ኩሎም እቶም ንኣድማ ዝወፁ ሸቃሎ፡ ብትብዓት ንምሉእ መዓልቲ ዝቐጸለ ኣድማ ኣካየዱ። ኣብዚ ፍጻመ ድማ 80% ናይ'ቶም ወደብትን ኣድመኛታትን ደቂ ኣንስትዮ ሸቃሎ ከም ዝነበራ ይፍለጥ።





ኣብ 1980ታት፡ ኑቲ ደርግ ብስም 'ምርት ዘመቻ' ካብ ሸቃሎ ደቂ ኣንስትዮ ክእክቦ ዝደለ ዝነበረ ገንዘብ'ውን ተረር ተቓውሞ የርኢያ ነይረን እየን። ንኣብነት፡ ኣብ መጋቢትን ሚያዝያን ናይ 1981፡ እተን ኣብ ፋብሪካ ኢታ ዝርከባ ናይ ዝተፈላለያ ኣካላት ሓለፍቲ፡ ናይቲ ኣብቲ ቅድሚኡ ኣዋርሕ ዝነበረ ናይ እቶት ጉድለት ንምምላእ ብስም ምርት ዘመቻ፡ ሸቃሎ ንሰለስተ ሰንበት ብናጻ ንኽሰርሓ ንኽፃስ ከካይዳ ከም ዘለወን ተዋገራ። እተን ሓለፍቲ ብትርን ብምሉእ ርእሰ ተኣማንነትን ብስም ምርት ዘመቻ ድርኩኺት ገዘእን ከም ዘይገድፋን ንኽፃስ ዘካይዳሉ ምኽንያት ድማ ከም ዘይብለን ኣጽረራ። እዚ፡ ድሒሩ ናብ 600 ሰራሕተኛታት ዝሉሓም ፍጻመ ከም ዝነበረን ኣብ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኢትዮጵያ'ውን ኣዛራቢ ጉዳይ ከም ዝነበረን ይፍለጥ።

ተቓውሞ ሸቃሎ ደቂ ኣንስትዮ ኣብቲ ፖለቲካውን ቁጠባውን መዳይ ጥራይ ዝተወሰነ ኣይነበረን። ኣብቲ ናይ ሰብ ብሰብ ምዝማዛ ንምጥፋእ፡ ብመሪሕነት ህዝባዊ ግንባር ዝካየድ ዝነበረ ብረታዊ ቃልሲ ህዝቢ ኤርትራ ተሰሊፈን፡ ቃልሰን ብንጥፈታትን ልዑል ተወፋይነትን ብምስልሳል መሪሕ ቦታኦን ኣረጋጊጸን እየን።

ድሕሪ ናጽነት ኣብ 1991፡ ኩሉ መግዛእታዊ ቃና ዝነበሮም፡ ኣብ ልዕሊ ጓል ኣንስተይቲ ኣድልዎ ዝነብሩ ፖሊሲታት ብሓዲሽ ድሕሪ ምኽላስ ድማ፡ ቀዳማይ ቃልሲ ናይ ድሕሪ ናጽነት ኣብ ሕቶን ተራን ጓል ኣንስተይቲ ብዕቱብ ተታሕዘ፡ ንማዕሉትን ሕቶ ደቂ ኣንስትዮን ኣመልኪቱ ኣብ ሃገራዊ ቻርተርን ማክሮ ፖሊሲን ኤርትራ ዝሰፈረ መትከላት'ውን፡ መርኣያ ንጹር መርገጺ መንግስቲ ኤርትራ እዩ።

ኣብ 2001 ዝወጸ ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ 118፡ ንማሰል ዕዮ፡ ማዕረ ናይ ስራሕ ዕድል፡ ማዕረ ደሞዝ፡ ከምኡ'ውን ንማዕሉት ደቂ ኣንስትዮ ኣብ እዋን ጥንስን ሕርስን ዘደንፍዕ ኣዋጅ ኮይኑ ወጺኡ። ብመሰረት ኣብዚ ፖሊሲታት'ዚ ተዘርጊሑ ዘሎ ነጥብታት ድማ፡ ኣብ ኤርትራ ንደቂ ተባዕትዮ ጥራይ ዝተሓዝኡ ንደቂ ኣንስትዮ ዘይምቹእ ናይ ስራሕ ባይታ ከም ዘይህሉ፡ ኣብ ቦታ ስራሕ ድማ ጾታ ዝመጠነሱ ኣድልዎ ከይህሉ ብጽኑዕ ይድንገግ። ከም መርኣያ ናይዚ ድማ፡ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ኣብ ዝተፈላለየ ጽላታት ተዋፊረን ናይ ዝሰርሓ ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ብዝለኣድ ኣዎንታዊ ቁጽሪ ይውሰኽ ኣሎ። ዝብቓልሲ ዝተረጋገጸ ማሰል ንምድራዕ፡ ክንጸ ብቑጽሪ ብዓይነት'ውን ተወዳደርቲ፡ ኣፍረይቲን ጻለውትን ደቂ ኣንስትዮ ሰራሕተኛታት ኮይነን ክወጽኣ ቀጻሊ ጻዕሪ ይሓትት።

# ስፖርት

ኣብርሃም ዮውሃንስ (ወዲ ዕቋር)

## ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ ሰኪዐት ናብ ፍጻመ




"ቅኑ ዓቢ ከኣ ንሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ ሰኪዐት፡" ብዝብል ቴማ ካብ 30 ነሓሰ ኣትሒዙ ክካየድ ዝቐየ ሃገራዊ ውድድር ኩዕሶ ሰኪዐት ኤርትራ፡ ሎሚ ሰዓት 5 ድሕሪ ቀትሪ ኣብ ሜዳ ቦቖፊላ ክዛዘም'ዩ።

ኣብዚ ብውዕወዕ ስፖርታዊ ህልኽልን ጭውነትን ክካየድ ዝቐየ ሃገራዊ ውድድር፡ ብዘዋህለልአ ነጥቢ ጸብለል ዝበላ ጋንታታት ደንደንን ዞባ ማእከልን ብክልተኡ ጾታ ናይ ፍጻመ ጸወታ ክካይዳ እየን። ዝሓለፈ መዓልታት ክልተኣን ጋንታታት ተራኺበን ኣብ ዘካየድኦ ጸወታ፡ ደንደን ብክልተኡ ጾታ ተዓዊታ ነይራ። ሎሚ ድማ ዞባ ማእከል ሕነኣ ክትፈዲ፡ እታ ብነጥቢ ጸብለል ኢላ ዘላ ደንደን ከኣ ዓወታ ክተውሕሱ ሰዓት 5 ኣብ ቦቖፊላ ክገጥማ'የን።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ሎሚ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቐትሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ምስ ጋንታ ዞባ ደቡብ ኣብ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ፡ ዞባ ሰ/ቀ/ባሕሪ ምስ ጋንታ ዞባ ዓንሰባ ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ንወጻኢት ሳልሳይ ደረጃ ዝወስን ጸወታ ክካይዳ እየን።

ሃገራዊ ፈደረሽን ኩዕሶ ሰኪዐት ኤርትራ ዓመታዊ ብዘዳለዎ ገምጋም መሰረት ሽቶ፡ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር፡ ብዝበዝሐ ሽቶታት ናይ ነፍሲ ወከፍ ጸወታ ማለት ኣብ ውድድር ደቂ ተባዕትዮ ብ66% ፡ ኣብ ውድድራት ደቂ ኣንስትዮ ኸኣ ብ44% ክውሰኽ ምኽኣሉ ሓቢሩ። ዛጊት ተኻይዱ ብዘሎ ጸወታ ድማ ዓንደም ኣበበ ካብ ጋንታ ደንደን ኣብ ሓደ ጸወታ 76 ሽቶታት ብምምዝጋቡ፡ ነቲ ብእስራኤል ሙልጌታ ተታሒዙ ዝጸንሐ፡ ኣብ ሓደ ጸወታ ዝተመዝገበ 63 ሽቶታት ብምስባር ሓድሽ ክብረወሰን ሒዙ ይርከብ።

ህዝባዊ ርክብት ሃ/ፈ/ኩ/ሰ/ኤ፡ ኸኣ ሎሚ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቐትርን ድሕሪ ቐትርን ኣብ ሜዳ ቦቖፊላ ዝካየድ ጸወታ ንኽትከታተሉ ብኽብሪ ይዕድም።

## ስምዒታዊ ፋነዋ ልዮነል መሲ

ልዮነል መሲ፡ ብቐድሚ ትማሊ ኣብ መሬት ሃገሩ፡ ማልያ ኣርጀንቲና ለቢሱ ናይ መወዳእታ ጸወታኡ ክኸውን ዝኽእል ግጥም ኣካይዱ።

ኣብዚ ኣብ ቦነስ ኣየርስ ዝተኻየደ ናይ ዋንጫ ዓለም መጻረዪ ጸወታ፡ ኣርጀንቲና፡ ኣብ 39 ን 80 ን ደቒቕ ካብ ልዮነል መሲ፡ ኣብ 76 ደቒቕ ድማ ካብ ላውታሮ ማርቲዝ ብዝረኸበተን ሽቶታታት ንቨነዝወላ 3-ብ0 ሰዒራታ።

ኣብዚ ግጥም፡ ቅድሚ ጸወታ ብሰለስተ ደቁ ተዓጂቡ ናብ ሜዳ ዝኣተወ ልዮነል መሲ፡ ካብቶም 80 ሽሕ ዝበጽሑ ደገፍቲ ድሙቕ ጨብጨባ ተለጊሱሉ።

ሸሞንተ ግዜ ሽልማት ባሎን ዲ ኦር ዝዓተረ መሲ፡ ሃገሩ ኣርጀንቲና ኣብ 2022 ዋንጫ ዓለም ከተልዕል ልዑል ግደ ኣበርኪቱ'ዩ። መሲ፡ ማልያ ኣርጀንቲና ለቢሱ ካብ ዘካየዶም 194 ጸወታታት፡ 114 ሽቶታት ኣቑጺሩ።

ኣርጀንቲና፡ ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ምስታፋ ኣረጋጊጻ እኳ እንተ ሃለወት፡ ልዮነል መሲ ግን ኣብ ዋንጫ ዓለም 2026 ንኽሳተፍ ገና ከም ዘይወሰነ ይሕብር።

መሲ፡ ድሕሪ ዋንጫ ዓለም 2026 ካብዛ ሃገራዊት ጋንታ ዝፋኖ እንተ ኾይኑ፡ ኣብ ወግዓዊ ጸወታ ኣብ ሃገሩ ዝጻወቶ ግጥም ኣይክህሉን'ዩ። በዚ'ዩም ድማ ኣርጀንቲናውያን ነዚ ናይ ብቐድሚ ትማሊ ጸወታኡ ከም ናይ መወዳእታ ጸወታኡ ኣብ መሬቶም ብምውሳድ ስምዒታዊ ፋነዋ ገይሮምሉ።




## ስቶንስ፡ ካብ ጸወታ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ተኣልዩ

ተኸላኻላይ ጆን ስቶንስ፡ ካብ ዝስዕባ ክልተ ጸወታታት መጻረዪ ዋንጫ ዓለም ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ከም ዝተኣለየ ተሓቢሩ።

ኣሰልጣኒ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ቶማስ ቱኸል፡ እዚ ወዲ 31 ዓመት ተኸላኻላይ ናይ ጭዋዳታት መጉዳእቲ ኣጋጢምዎ እንከሎ፡ ናብ ናይ ልምምድ ቦታ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ብምምጽኡ፡ ሓደጋ ንኸይሰዕብ ብምባል ከም ዝኣለዮ ገሊጹ።

ቱኸል፡ "ምስ ፈኩስ ማህረምቱ'ዩ መጺኡና፡ ከም ዝሓሰብናዮን ዝተተሰፈናዮን ምምሕያሽ ከርኢ ብዘይምኽኣሉ፡ ሎሚ (ትማሊ) ኣፋኒናዮ፡" ኢሉ። ክልተ መዓልቲ ብምሉኦም 21 ተጻወትቱ ኣብ ሜዳ ልምምድ ከም ዝተረኽቡ ዝሓበረ ቱኸል፡ ማርክ ጉሄ፡ ዳን በርን፡ ኢዝሪ ኮናሳ፡ ጃረን ከዊንሳ ናይ ማእከል ተኸላኸልቲ ሒዙ ይርከብ።



ስቶንስ፡ ማንቸስተር ሲቲ ኣካዪዱዎ ኣብ ዘላ ሰለስተ ናይ ፕሪመር ሊግ ጸወታ ክስለፍ እንከሎ፡ ሃገራዊት ጋንታ እንግሊዝ ሎሚ ኣብ ቪላ ፓርክ ኣንጻር ኣንዶራ፡ ሰሉስ ከኣ ናብ ሰርብያ ተጓዒዛ ኣብ ተካይዶ ግጥም መጻረዪ ዋንጫ ዓለም ክበኵር'ዩ።

## ታይሰንን መይዌዘርን ናብ ግጥም



ናይ ቅድም ሻምፕዮን ዓለም ዝነበሩ ማይክ ታይሰንን ፍሎይድ መይዌዘርን ዝመጽእ ዓመት፡ ግጥም መኸተ ጉስጢ ክካይዱ መደብ ተታሒዙሎም።

ግጥም ናይዞም ክልተ ሰብ ዝና መኸተ ጉስጢ፡ ሰሙናዊ ናይ ቅልስ ቪድዮታት ዘፍርን ዝዘርግሕን 'ሲኤሰኤይ ስፖርት' ዝተባህለ ሕብረ-መድያዊ ትካል ዝወደቦ'ዩ።

ወዲ 59 ዓመት ናይ ቀደም ሻምፕዮን ከቢድ ሚዛን ዝነበረ ማይክ ታይሰን፡ ነዚ ጸወታ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "እዚ ጸወታ ኣነ ይኸውን ማሕበረ ሰብ ዓለም ክኸውን ይኽእል'ዩ ኢልና ሓሲብናዮ ዘይነፈልጥ'ዩ። እንተ ኾነ መኸተ ጉስጢ ናብ ዘይትንበየሉ እዋን ይኣቱ'ሎ። እዚ ግጥም ድማ ዘይግመት ክኸውን'ዩ" ኢሉ።

ማይክ ታይሰን፡ ድሕሪ ናይ 19 ዓመታት ናይ ጥሮታ እዋን ናብ ጸወታ ብምምላሱ፡ ኣብ ወርሒ ሕዳር ምስ ጀክ ፓወል ጸወታ ብምኽያዱ፡ ብኣካራኻሪ መንገዲ ተሳዒሩ ነይሩ።

ኣብ ጥሮታ ዝርከብ ወዲ 48 ዓመት መይዌዘር ብወገኑ፡ ካብ ዘካየዶም 59 ግጥማት ኣብ 50 ጸወታ ክዕወት እንከሎ፡ ኣብ ሓሙሽተ ዝተፈላለየ ክብደት ዘሎም ውድድራት ድማ ጉብለል ኮይኑ።

መይዌዘር፡ ነዚ ምስ ታይሰን ዘለዎ ጸወታ ኣመልኪቱ ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ "ድሮ ፈሊጥኩሞ ከም ዘለኹም፡ ኣነ ሓደ ነገር ክገብር እንተ ኾይነ ዓቢን ዝናውን እዩ ዝኸውን" ኢሉ። ንሱ ወሲኹ፡ "ኣብ ጸወታ መኸተ ጉስጢ እቲ ዝበለጸ ሰብ ኣነ'የ። እዚ ምርኢት ድማ ንኣፍቀርቲ መኸተ ጉስጢ ደሊቶም ክምልስ'ዩ" ብምባል ናይ ቃላት ኩናት ከፊቱ ይርከብ።

እዚ ግጥም፡ መዓስን ኣበይን ከም ዝኸውን ብኸመይ ሕጊ ክምራሕ'ዩ ኣይተሓበረን ዘሎ።

## ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ይቕጽል

### ናሆም ታደሰ ንኻልኣይ ግዜኡ ብሉጽ ተጻዋታይ ተሰይሙ

መበል 16 ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብቐድሚ ትማሊ ንራብዓይ መዓልቱ ብጸወታታት ኩዕሶ እግርን ኩዕሶ መርገብን ቀጺሉ ወዒሉ።




ኣብቲ ዕለት፡ ፈለማ ኣብ ሰዓታት ቅድሚ ቐትሪ ናይ ኩዕሶ እግሪ ጸወታኣን ዘካየዳ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት ብድሆን በረፎርን እየን። ብድሆ ኣብ መበል 42 ደቒቕ ካብ ዋሌት ፍስሃየ ሽቶ ብምርካበን ናብ ዕረፍቲ መሪሐን ወጺአን። ድሕሪ ዕረፍቲ፡ በረፎር ብመንገዲ የርዳኖስ ሃደለ ሽቶ ብምርካበን ክመዓራረያ ክኢለን። ተጻወትቲ በረፎር ሓገሶን ጸንቢለን ከይወድኣ ግን ብድሆ ካብ ሮዳስ ጥዑምዝጊ ሽቶ ብምርካብ፡ 2-ብ1 መሪሓ። እንተ ኾነ ተጻወትቲ በረፎር፡ ኣብ መበል 49 ደቒቕ ብመንገዲ ራሄዋ መንግስትኣብ ትንፋስ ዝመለሰትለን ሽቶ ብምቑጻረን፡ እቲ ጸወታ 2-ብ2 ተዛዚሙ። ናይ ብድሆ ተጻዋቲት ሮዳስ ጥዑምዝጊ ከኣ ብልጽቲ ተጻዋቲት ናይቲ ግጥም ተባሂላ።

ንሸዐላን ሳዋን ኣብ ዘራኸበ ግጥም ድማ፡ ጋንታ ሳዋ ኣብ መበል 13 ደቒቕ ካብ ሳሮን ጎይትኦም ብዝረኸበታ ሽቶ መሪሕነት ሒዛ እኳ እንተ ነበረት፡ ሸዐላ፡ ኣብ መበል 18 ን 89 ን ደቒቕ ካብ የርዳኖስ ተኽስተን ዳናይት ብርሃን ሽቶ ብምርካብ 2-ብ1 ተዓዊታ። ቤተልሄም ኣብርሃም ካብ ሸዐላ ድማ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ ተሸሊማ።

ኣብ ሰዓታት ድሕሪ ቐትሪ ጸወታኣን ዘካየዳ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ጋንታታት ሳዋን በረፎርን እየን። በረፎር፡ ኣብ መበል 37 ደቒቕ ካብ ዴቨን ግዙጃዊ ሽቶ ብምርካብ ናብ ዕረፍቲ መሪሓ ወጺኣ። ድሕሪ ዕረፍቲ፡ ተጻወትቲ ሳዋ ንዝተመዝገበሎም ሽቶ ንምሕዋይ ብዘበርክዎ ጻዕሪ፡ ኣብ መበል 49 ደቒቕ ሰሊጥዎም። እንተ ኾነ በረፎ፡ ኣብ መበል 69 ደቒቕ ካብ ዴቬን ግዙጃዊ ካልኣይቲ ሽቶ ብምርካብ፡ ነታ ፍጹም ቅላዕ ዝሰሓተት ሳዋ 2-ብ1 ሰዒራታ። ኣብዚ ጸወታ ክልተ ሽቶ ዘመዝገበ ዴቨን ግዙጃዊ ካብ በረፎር ድማ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

ኣብ መወዳእታ ጸወታኣን ዘካየዳ ጋንታታት ዓምባርጉዐን ሓሬናን እየን። እዘን ክልተ ጋንታታት ካብ መጀመርያ ናይቲ ግጥም ተፈራራሒን'የን ውድድረን ጀሚረን። እንተ ኾነ ተጻዋታይ ሓሬና ሮሚል ዓብዱ ረመጭ ኣብ መበል 11 ደቒቕ ኩዕሶ ኣብ ኣፍ-ልቡ ብምዝሓሉ፡ ናብ ልዳት ዝለኣኻ ኩዕሱ፡ ዓንዲ ልዳት ሃሪማ ብምምላሳ ንተዓዛቢቲ ሓፍ ኩፍ ኣቢሉ። በዚ ፈተነ ኸኣ ጸወታ ናህሪ ክውሰኾ ተራእዩ። ክልተኣን ጋንታታት ሽቶ ንምርካብ ብዙሕ ፈተነ እኳ ተኻዪዱ ናይ ቅድሚ ዕረፍቲ ጸወታኣን ግን ብዘይ ሽቶ'የን ዛዚመንኦ። ድሕሪ ዕረፍቲ ግን፡ ዓምባርጉዐ፡ ኣብ መበል 79 ን 90 ካብ ሮቤል ዘሚካኤልን ናህም ታደሰ (ንዜ)ን ሽቶ ብምርካብ፡ 2-ብ0 ተዓዊታ። ኣብዚ ግጥም ተጻዋታይ ዓምባርጉዐ ናህም ታደሰ (ንዜ) ንኻልኣይ ግዜኡ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ ተሸሊሙ።

ኣብቲ ዕለት፡ ኣብ ሜዳ ግራንድ ሆቴል ጸወታ ኩዕሶ መርገብ ዘካየዳ ናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጋንታታት ሰንጥቕን ክንፈን እየን። ሰንጥቕ ድማ፡ 2-ብ0 ሰዒራ። ኣብዚ ጸወታ ተጻዋቲት ሰንጥቕ ሳሊና ኣለም ብልጽቲ ተጻዋቲት ኮይና ወዒላ።

ሰዓብን ጸወታኣን ዘካየዳ ብድሆን ንስሪን እየን። ብድሆ ኣብ ቀዳማይ ክፋል (ሴት) 25-ብ23 ኣብ ካልኣይ ክፋል ከኣ 25-ብ10 ብምስዓራ ብድምር ወጽኢት 2-ብ0 ተዓዊታ። ተጻዋቲት ጋንታ ብድሆ ሚልዮን ተስፋይ ከኣ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ።

ናይ ደቂ-ተባዕትዮ ጋንታታት በረፎርን ሸዐላን ኣብ ዘካየድኦ ጸወታ፡ በረፎር ኣብ ሰለስቲኡ ክፋል 25-ብ15፡ 25-ብ21 25-ብ18 ብምርታዓ ብድምር ድማ 3-ብ0 ተዓዊታ። ካብ በረፎር ሓሰን ጠሃሩ፡ ካብ ሸዐላ ድማ ሄኖክ ሚካኤል ብሉጻት ተጻወትቲ ናይቲ ግጥም ኮይኖም ወዒሎም። ኣብ መወዳእታ ናይቲ ዕለት ዝተራኸባ ጋንታታት ዓምባርጉዐን ብድሆን እየን ነይረን። ዓምባርጉዐ ድማ፡ ኣብ ሰለስቲኡ ክፋል 25-ብ24 25-ብ17 25-ብ18 ብምርታዓ ብድምር ወጽኢት 3-ብ0 ተዓዊታ። ኣብዚ ጸወታ እዚ ተጻዋታይ ዓምባርጉዐ ሸደን ተስፋይ ብሉጽ ተጻዋታይ ኮይኑ ወዒሉ።

ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ሎሚ ቐጺሉ ብጸወታታት ኩዕሶ እግርን ኩዕሶ መርገብን ኣብ ስታድዩም ከረን (ጆኮ)ን ሜዳ ግራንድ ሆቴልን ቀጺሉ ከም ዝውዕል ንኡስ ጨንፈር ዜና መ/ሓ/ጎ/ሚ/ምክልኻል ካብ ከተማ ከረን ኣብ ዝለኣኸልና ጸብጻብ ሓቢሩ።

## መደብ ጸወታ ሎሚ ቀዳም

ኣርመንያ - ፖርቱጋል 7:00 ድ.ቐ
እንግሊዝ - ኣንዶራ 7:00 ድ.ቐ
ኣየርላንድ - ሃንጋሪ 9:45 ድ.ቐ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ትራምፕ፡ ንስም 'ክፍሊ ምክልኻል' ሃገሩ ክቕይሮ ምዃኑ ሓቢሩ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ንስም እቲ ብ'ክፍሊ ምክልኻል' ዝፍለጥ ሚኒስትሪ ምክልኻል ናይ'ታ ሃገር፡ ናብ 'ክፍሊ ውግእ' ዝብል ስም ንምቕያር ዘኽእል ተፈጻሚ ትእዛዝ ከመሓላልፍ መደብ ሓንጺጹ ከም ዘሎ፡ ሓደ ምስቲ ዛዕባ ቀርበት ዘለዎ ብዓል ስልጣን ሓቢሩ።

እዚ ስም ናይ ምቕያር ውሳኔ እንኮላይ ንመዘኻኸሪ ናይ'ቶም ኣብቲ ክፍሊ ዘሰርሑ ሰብ ስልጣናት ዝጸሉ ምዃኑ፡ እቲ ብዓል ስልጣን ወሲኹ ገሊጹ።

ፕረዚደንት ትራምፕ፡ ዝሓለፈ ጥሪ ንኻልኣይ ግዜ ናብ ኮረሻ ስልጣን ምስ ተመልሰ፡ ኑቶም ብ'ዓሌታዊ ፍትሒ' ኣመኻኺዮም ኣስሚቶም ክልወጡ ዝተገደዱ ወተሃደራዊ መዓስከራት ሃገሩ፡ ናብ መበቆላዊ ኣስማቶም ከም ዝመለሶም ምሕባሩ፡ ምንጭታት የመልክቱ።

ገለ ኣባላት ሴኔት ሰለዋይ ባይቶ ኣመሪካ፡ እቲ ስም ናይ ምቕያር ውሳኔ ብዙሕ ኣብ ምብርሳን ዘይተኣደነ ወጻኢታትን ምዝንባዕ ንጥፈታት ናይ'ቲ ክፍልን ካልእ ከምጽኦ ዝኽእል ፋይዳ ከም ዘይብሉ እዮም ዝምጉቱ ዘለዉ።

ክሳብ 1949፡ ክፍሊ ምክልኻል ኣመሪካ፡ 'ክፍሊ ውግእ' ተባሂሉ ይጽዋዕ ምንባሩ፡ ሰነዳት ይሕብሩ።



## "ንዩክሬን ጸጥታዊ ውሕስነት ክንህባ ኢና" ማክሮን

ፕረዚደንት ፈረንሳ ኢማኑኤል ማክሮን፡ ድሕሪቲ ደገፍቲ ዩክሬን ዝኾና 35 ሃገራት ዝሓለፈ ሓሙስ ኣብ ፓሪስ ዘካየዳኦ ኣኼባ፡ ዩክሬን ምስ ፈደረሽን ሩስያ እተካይዶ ዘላ ደማዊ ኲናት ደው ምስ በለ፡ 26 ሃገራት ኤውሮጳ ናይ ጸጥታ ውሕስነት ክህባኣ ቃል ከም ዝኣተዋላ ሓቢሩ።



ፕረዚደንት ማክሮን ንጋዜጠኛታት ኣብ ዝሃቦ መግለጺ፡ እቲ ናይ ጸጥታ ውሕስነት፡ ምውፋር ኣህጉራዊ ሰራዊት ኣብ መሬት፡ ባሕርን ኣየርን ዩክሬን ዘጠቓልል ምዃኑ ኣረዲኡ።

ንሱ ኣስዒቡ፡ እቲ ስምምዕ ግጭት ፈደረሽን ሩስያን ዩክሬንን ደው ምስ በለ ተግባራዊ ክኸውን ምዃኑ ብምጥቃስ፡ እዚ ከኣ ፈደረሽን ሩስያ ዳግማይ ንዩክሬን ንኸይተጥቅዕ ዓሊሙ ዝቖመ ምዃኑ ኣብሪሁ።

ኣብቲ ኣኼባ ገለ ሃገራት ኤውሮጳ ናብ ዩክሬን ሰራዊት ከዋፍራ ምዃነን ክሕብራ ከለዋ፡ ገለ ከኣ ናብታ ሃገር ሰራዊት ከይሰደዳ ግን ከኣ ኣብ ምስልጣንን ምዕጣቕን ሰራዊት ዩክሬን ክሰጥፋ ምዃነን ተፈሊጡ ኣሎ።

ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቭላድሚር ፑቲን ግን፡ ኣብ መንነ ሃገሩን ዩክሬንን ዝቐጸለ ደማዊ ኲናት ብሰላም ክዓርፍ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ወተሃደራት ኪዳን ሰሜን ኣትላንቲክ (ኔቶ) ናብ ዩክሬን ክዋፈሩ ከም ዘይብሎም እዩ ብተደጋጋሚ ዘጠንቀቐ ዘሎ።

## ኣፍጋኒስታን - ቁጽሪ ግዳያት ምንቅጥቃጥ መሬት 2 ሽሕ በጺሑ

ቁጽሪ ናይ'ቶም ዝሓለፈ ቀዳመ ሰንበት ኣብ ምብራቓዊ ክፋል ኣፍጋኒስታን - ዞባ ኩናር ብዘጋጠመ 6 ሬክተር ስኬል ዝዓቐኑ ምንቅጥቃጥ መሬት ዝሞቱ ግዳያት፡ 2205 ከም ዝበጽሐ፡ ኣፈኛ መንግስቲ ኣፍጋኒስታን (ጣሊባን) ሓቢሩ።

እቲ ኣፈኛ ወሲኹ፡ ኣብቲ ዞባ ዝሓለፈ ሰሉስ፡ ሰሉሰን ሓሙሰን እውን 4.5 ሬክተር፡ 5.5 ሬክተር፡ ከምኡ'ውን ድማ 6.2 ሬክተር ዝዓቐኑ ብርቱዓት ድሕሪ ምንቅጥቃጣት ከም ዝሰዓቡ ኣሂሂሩ።

እቶም ድሒሮም ዝተኸሰቱ ምንቅጥቃጣት መሬት፡ ዋላ'ኳ ሰፊሕ ክሳራታት ኣየስዓቡ፡ ኑቲ ኣብቲ ዞባ ዝቕጽል ዘሎ ስርሒት ምድሓን ህይወት ግን ንግዜኡ ከተዓናቕፎ ከምኡ'ውን ኣብ ነብርቲ ራዕዲ ከሕድሩ ከም ዝኸኣሉ ኣረዲኡ።



ብቶም ምንቅጥቃጣት መሬት ልዕሊ 6,700 ኣባይቲ ከም ዝዓነዉ ክፈልጥ፡ ቁጽሮም ዘይተፈልጠ ብዙሓት ዘለዎም ሰባት ከኣ ብፍርስራስ ኣባይቲ ተደፊኖም ከም ዝርከቡ፡ ሱብ መዚ ናይ'ቲ ከባቢ ሓቢሮም።

ኣፍጋኒስታን ብዘለዋ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ፡ ንሓደጋታት ምንቅጥቃጥ መሬት ዝተቓልዐት ኮይና፡ ኣብ ጥቅምቲ 2023ን 2024ን ብዘጋጠማ ተመሳሳሊ ሓደጋታት ብውሕዱ 3,400 ሰባት ከም ዝሞቱ ናይ ሽው ጸብጻባት የመልክቱ።

## ኮንጎ - ብቫይረስ ኢቦላ 15 ሰባት ሞይቶም

ኣብ ደሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ብዝተኸስተ ሓድሽ ለበዳ ኢቦላ ቫይረስ፡ ብውሕዱ 15 ሰባት ከም ዝሞቱ፡ ሚኒስትሪ ጥዕና ናይ'ታ ሃገር ኣፍሊጡ።



እቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ እቲ ሓዳሽ ለበዳ ኣብ ደቡባዊ ክፋል ናይ'ታ ሃገር ኣብ ዝርከብ ዞባ ካሳይ ዝተኸስተ ኮይኑ፡ ንዝርርቲ ናይ'ቲ ዞባ ቅጥዕታት ምክልኻል ናይ'ቲ ተላባዒ ሕማም ማለት፡ ብተደጋጋሚ ኢድካ ምሕጻብን ማሕበራዊ ምርሕሓቕ ምዝውታርን ክኽተሉ ከም ዘተሓሳሰበ ገሊጹ።

እቲ ዓይነት ኢቦላ ቫይረስ ብዝተኻየደሉ መርመራ፡ ሳሕቲ ዝርኣ ግን ከኣ ቀታሊ ዝኾነ 'ዛየር' ዝበሃል ምዃኑ ከም እተፈልጠ፡ ሰብ መዚ ጥዕና ናይ'ቲ ዞባ ሓቢሮም።

ውድብ ጥዕና ዓለም፡ ንዝርግሐ ናይ'ቲ ኣብታ ሃገር ተራእዩ ዘሎ ለበዳ ኢቦላ ቫይረስ ብቕልጡፍ ንምግታእ ብቐረጻኑት ይሰርሕ ከም ዘሎ ኣፍሊጡ።

ኣብ ደሞክራሲያዊት ረፓብሊክ ኮንጎ ዝተራእየ ናይ መወዳእታ ለበዳ ኢቦላ ቫይረስ ቅድሚ ሰለስተ ዓመት ኮይኑ፡ ሽዱሽተ ሰባት ከም ዝቐተለ ጸብጻባት የመልክቱ።

## ጉግል፡ ሚልዮናት ዶላር ካሕሳ ክኸፍል ተወሲኑሉ

ዓርሞሽሽ ኩባንያ ቴክኖሎጂ ጉግል፡ መሰል ብሕታውነት ዓሰርተታት ሚልዮናት ተጠቀምቲ ብምጥሓሱ፡ 425 ሚልዮን ዶላር ክኸፍል ከም ዝተወሰነሉ ተሓቢሩ።

ኩባንያ ጉግል፡ ኣብ ልዕሊ ተጠቀምቱ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ሓበሬታ ይኽእብ ከም ዘሎ ዘመልክት ክሲ ብተደጋጋሚ ምስ ቀረበሉ እዩ፡ እቲ ፕዝዮቢዊ መቕጻዕቲ ተወሲኑሉ ዘሎ።

ኣካየድቲ ስራሕ ጉግል ብወገኖም፡ እቲ ክሲ፡ ተጠቀምቲ ፍርያቱ ብኸመይ ከም ዝሰርሕ ብዘይምርዳኦም ዝሰዓበ ምዃኑ ብምጥቃስ፡ ይግባይ ክብሉ ምዃኖም ሓቢሮም።

እቶም ተጠቀምቲ፡ እቲ ዓርሞሽሽ ኩባንያ፡ ኣብ ኣገልግሎት ኣብ ዘውዕሎም ኣፕሊከሽናት ዘለዉ ቅጥዕታት ብምጥሓሱ፡ ብዛዕባ ውልቃዊ ህይወቶም ኮነ ዕለታዊ ንጥፈታቶም ሓበሬታ ኣኪቡ ይሸጦ ከም ዘሎ እዮም ዝኸሱ ዘለዉ።

ብመሰረት ሓበሬታ ናይ'ቶም ነዚ ጉዳይ ሓዚሞም ዘለዉ ደያኑ፡ ኑቲ ውሳነ ክወስዱ ዝደፋፍኦም ክሲ፡ ዝሓለፈ ሓምለ 2020 ዝቐረበ ኮይኑ፡ ንኣስታት 98 ሚልዮን ተጠቀምቲ ዝውክል እዩ።

ኣብቲ እዋኑ ጉግል ኑቲ ዝቐረበሉ ክሲ ኣመልኪቱ፡ እቲ ብዛዕባ ተጠቀምቲ ዝኣከቦ ሓበሬታ ውልቃዊ ከም ዘይኮነ ብምጥቃስ፡ ኣብ ውሑሰን ምስጢራዊን ቦታ ተዓቂቡ ከም ዝርከብ ምሕባሩ ዝዝከር እዩ።

ጉግል፡ ኣብ ቀረባ እዋን ምስ ምግሃስ መሰል ብሕታውነት ተጠቀምቲ ዝተኣሳሰሩ ካልኦት ብርክት ዝበሉ ክስታት ከም ዝቐረቡሉ፡ ምንጭታት ይሕብሩ።




| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ኣድራሻ | ቁ.ስልኪ |
| --- | --- | --- | --- |
| ፋርማሲ ተስፋ | 06/09/2025 | ጎደና ዓሊቴና መረብ 716 ቁ.14፡ ቀሓውታ | 186839 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ ቁ.ቴሌፎን 127565

Sabur Printing Services